# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.90 | ሰንበት 14 ታሕሳስ 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 ዜና

ገጽ 3 ክብሪ ግዛእ ነብስኻ ሓሉ



ገጽ 5 እቲ ኻልእ ገድሊ ንናጽነት



ገጽ 10 “ቋንቋ ዓረብ፡ ብሰሪዕ ኣብ ኣካዳምያዊ ትምህርቲ...



ገጽ 12 ተራ ቢንያም ኣብ ሓዳስ ክለቡ...




# ፕሬዚደንት ኢሳይያስ፡ ካብ ናይ ስዑድያ መገሻኦም ተመሊሶም



ስእሊ. ታእዛዝ ኣብርሃ




ስእሊ. ኣክሊሉ ዘርእዝጊ

ፕሬዚደንት ኢሳይያስ፡ ብዕድመ ወራሲ ዓራት መሓመድ ቢን ሳልማን ካብ 9 ታሕሳስ ጀሚሩ ኣብ ንግስነት ስዑዲ-ዓረብ ዘገበሮ ናይ ስራሕ ምብጻሕ ዛዚሞም፡ ትማሊ 13 ታሕሳስ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ-ቐትሪ ኣስመራ ኣትዮም።

ኣብ ሰዓታት ቅድሚ-ቐትሪ ፕሬዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብ ወደብ ጅዳ (Red Sea Gateway Terminal) ዑደት ብምክያድ፡ ምስ ሰበስልጣን ናይ'ቲ ወደብን በዓል-መዚ ወደባትን ዓሚቝ ዘተ ኣካይዶም።

ፕሬዚደንት ኢሳይያስ፡ ብመካይን እናተዘዋወሩ ነቲ ወደብ ብሓፈሻ ንተርሚናል ኮንተይነራት ድማ ብፍላይ ድሕሪ ምዕዛቦም፡ ምስ ፕሬዚደንት በዓል-መዚ ወደባት ስዑዲ ዓረብ ኢንጅነር ስሌማን ቢን ኻሊድ ኣልመዝሩዕ፡ ከምኡ'ውን ፈጻሚ ኣካያዲ ስራሕ ወደብ ጅዳ ኣ'ሼኽ ዓምር ዓሊ ርዳን ዋና ኣመሓዳሪ ናይ'ቲ ወደብ በደር ኣልዐተይቢን፡ ኣብ ዝወሃብ ኣገልግሎታትን ኣገባብ ስራሕን ብሰፊሑ ዘትዮም።

እቶም ሰበስልጣን ነቲ ወደብ ዘመናዊ ንምግባር ንዝተገበረ ወፍሪ፣ ሓንቲ መርከብ ኣትያ ክሳብ ትወጽእ እትኸፍሎ - ድሕነት፣ ጽጥታዊ ውሕስነት፣ ጽሬትን ስሉጥነትን ዘረጋግጽ መስርሕ፣ ተዓጢቑ ዘሎ ቴክኖሎጂን ዓቕሚ-ሰብን፣ ተዋዲዱ ዘሎ መስርሕታትን ስርዓት ምሕደራን፣ ከምኡ'ውን ኣብ መንጎ ዝተፈላለያ ኣካላት ዘሎ ናይ ስራሕ ምትእስሳር ዘብርህ ሰፊሕ መግለጺ ኣቕሪቦም።

ኣብዚ መዳይ'ዚ ምስ መንግስቲ ኤርትራ ብሽርክነት ንምስራሕ ዘለዎም ድሌት ብምርግጋጽ ድማ፡ ንዑደት ፕሬዚደንት ኢሳይያስ ዓቢ ግምት ከምዝሁብዎ ኣዘኻኺሮም።

ፕሬዚደንት ኢሳይያስ ብወገኖም፡ እቲ ዑደት - ተበጺሑ ዝዘሎ ምዕባለ ንምዕዛብን እንታይ ክግበር ከምዝከኣል ንምዝርራብን ዝዓለመ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ዝርከብ ወደባት ንሓባራዊ ልምዓትን ብልጽግናን ዞባዊ ርግኣትን ከገልግላ ምእንቲ፡ ርእይቶ ኤርትራ - እቲ ዝግበር ወፍሪ ካብ ኣብ ምውድዳር ኣብ ምምልላእ ከተኩር፣ ካብ ናብ ጸቢብ ዞባዊ ዕዳጋታት ድማ ናብ ኣህጉራዊ ዕዳጋታት ዝጠመተ ክኸውን ዝብል ከምዝኾነ ኣገንዚቦም።

“ኣብ ወደባት ዝግበር ወፍሪ፡ ዓውድታት ትሕተ-ቕርጺ፡ ምዕሩይ ስርዓተ ኣገልግሎትን ቁጠባዊ ምትእስሳርን ስለዝጠቓልል፡ ካብ ብፖለቲከኛታት ብሞያውያን ክምራሕ ኣጉዳሲ ይኸውን” ዝበሉ ፕሬዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብ መንጎ ወደባት ኤርትራ ስዑድያን ዝህሉ ምትሕግጋዝ - ክንጽ ምሁብ ኣገልግሎትን ክልተኣዊ ቁጠባዊ ረብሓን፡ ኣብ ምስግጋር ፍልጠትን ምርግጋጽ ኩሉመዳያዊ ሓባራዊ ምዕባለን ዞባዊ ምትእስሳርን ከተኩር ከምዝግብኦ ኣስሚሮሉ።

ቀዳምነታት ኤርትራ ኣብ ምምዕባል ወደባት ብዝርዝር ዝገለጹ ፕሬዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብ ሓፈሻዊ መርሓ-ጎደና ንምስምማዕ ቀጻሊ ርክባትን ምምኽኻርን ከምዝድሊ ኣብሪሆም።

ብኻልእ ወገን ፕሬዚደንት ኢሳይያስ ምስ ወከልቲ ኣካየድቲ ኣካላት ማሕበረኮምን ሃገራውያን ውዳበታትን ጅዳን ከባቢኣን ኣብ ዝገበርዎ ርክብ፡ ንህልው ኩነታት ሃገር ብመንጽር ዞባውን ዓለማውን ብድሆታት፣ ሓፈሻዊ ልምዓታዊ ፖሊሲን ስትራተጅን ኤርትራን መድረኻዊ ተራ ዜጋታትን፣ ከምኡ'ውን ምስ ንግስነት ስዑዲ-ዓረብ ዘሎ ዝምድናን ሽርክነታዊ መደባት ንምትግባር ዘሎ ድሌትን ድሕሪ ምብራሁ፡ ኣብ መላእ ዓለም ንዝርከብ ማሕበረኮማት ብምሕያል ኣበርክቶኦን ንምዕዛዝ ብዕቱብ ተታሒዙ ዝስራሓሉ ዘሎ ሃገራዊ መደብ ከምዝቐጽሉ ገሊጾም።

እቶም ወከልቲ ብወገኖም፡ ዝተዋህቦም መግለጺ ንቕሓቶም ኣበሪኹ ኣበርክቶኦም ንምዕዛዝ ከምዝሕግዞም ብምሕባር፡ ከም ወትሩ መሳርያም ኣስጢሞም ካብኦም ዝሕተት ንምምላእ ዘለዎም ቅሩብነት ኣረጋጊጾም።




ስእሊ.- ታእዛዝ ኣብርሃ

ዜና

# እምኒሓይሊ - ምህማም መሬት ኣጋጢሙ



ኣብ ዓዲ ሽለሙን ንኡስ ዞባ እምኒሓይሊ፡ ነታዒት ተባሂሉ ኣብ ዝፍለጥ ከባቢ፡ ኣብ ኣስታት 3 ሄክታር ኣብ ዝኾነት መሬት ምህማም ከም ዘጋጠመ ተሓቢሩ።

እቲ ዝሃመመ መሬት ዝፈጠሮ ክፍተት፡ ክሳብ 10 ሜትሮ ቀመትን 2.40 ሜትሮ ስፍሓትን ከም ዘዘለሐን ካብ ግዜ ናብ ግዜ ይውሰኽ ከም ዘሎን ካብቲ ቦታ ዝተረኽበ ሓበሬታ የረድእ።

ብ3 ታሕሳስ ብደረጃ ዞባ ዝተጠርነፈት ናይ መጸናዕቲ ጉጅለ፡ ናብቲ ቦታ ብምኻድ ዘድሊ ዳህሳስን ናይ ስዑዳ ማስርሕን ከም ዝተኻየደት፡ ብዘወሰኸ ብ9 ታሕሳስ ብኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ዝተመርሐ ክኢላታት ሰዑምደርን ስዑ ጥንትን ኣብቲ ከባቢ ብምብጻሕ ዘድሊ ሓበሬታ ከም ዝኣከቡ ተፈሊጡ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጽዮን፡ እቲ ኣብቲ ከባቢ ተኸሲቱ ዘሎ ኩነታት ኣብ ሰብን ጥሪትን ሓደጋ ከውርድ ስለ ዝኽእል፡ ንድሕነት ነበርቲ ከባቢ፡ ዓዲ ሓለፍቲ ከወሰደሉን ሓይሊ ዕማም ብምቋም ውሕስነቱ ዝተረጋገጸ መገዲ ክጸርግን ተላቢዩ።

ኣብ ኮሌጅ ስነፍልጠት ማይንፋሒ መምህራን ስነምድሪ ዶ/ር ተወልደ ወልደኪዳንን ዶ/ር ገብሾ ፍትውን ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ እቲ ተርእዮ ብስነ ፍልጠታዊ ዓይኒ ክርአ እንከሎ ባህርያዊ ከም ዝኾነ ብምጥቃስ፡ ነበርቲ ኣድላዪ ጥንቃቐታት ክገብሩ ምዒዶም።

ኣብ ኮምሽን ባህልን ስፖርትን ሓላፊ ጨንፈር ምርምር ስነጥንታዊ ወርሻ ዶ/ር ጸጋይ መድን ብወገኑ፡ ሕብረተሰብ ኣብ ከባቢኡ ንዘርእዮ ኩነታት ብዝቐልጠፈ ናብ ዝምልከቶ ኣካል ክሕብር ከም ዘለዎ ብምዝኽኻር፡ ነበርቲ ዝተረድኦም ብእዋኑ ንዝሃብዎ ሓበሬታ ኣመስጊኑ።

ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ዓዲ ሽለሙን ኣቶ ባይሩ ተኽለ፡ ከምኡ'ውን ኣነበርቲ ናይቲ ዓዲ ኣቶ ተኽለ ሰመረኣብ፡ ምሑር ገብረሂወትን ብወገኖም፡ እቲ ምህማም መሬት ኣጋጢምሉ ዘሎ ከባቢ፡ ሕርሻዊ ንጥፈታት ኣብ ዝካየደሉ መሬት ዓድን ኣጉዶሊ ማስመርን ምኻኑ ብምሕባር፡ ኣብ 2024 ተመሳሳሊ ተርእዮ ተኸሲቱ ምንባሩ፡ ኣብ ወርሒ ሓምለ 2025'ውን መሬት ክጥምዕን ደምጺ ክሰብርን ከም ዝጀመረ፡ እቲ ማስመር ተዓጽዩ ደጊሞም ካልእ መንገዲ እኳ እንተጸረጉ ንሱ ውን ክሃምም ምጀማሩ ኣረዲኦም።

ዓዲ ሽለሙን ካብ እምኒሓይሊ ንሸክ ደቡባዊ ምዕራብ 16 ኪ.ሜ፡ ነታዒት ድማ ካብ ዓዲ ሽለሙን ንሸክ ምብራቕ 4 ኪ.ሜ ርሒቓ ናብ ጻዕዳ ቀላይ ኣብ ዝወስድ ስንጭሮ ትርከብ።

# ደቡብ ደንካልያ - ተጠቃምነት ዓይኒ-ምድሪ 48 ሚእታዊት በጺሑ



ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ደቡብ ደንካልያ፣ ሓለፍቲ ምምሕዳር፡ ጨንፈር ሚኒስትሪታትን ማሕበራትን ኣብ ዝተረኽብሉ፡ ዓመታዊ ንጥፈታት ስራሕ 2025 ብ10 ታሕሳስ ኣብ ዒሰብ ገምጊሙ።

ብመሰረት ዝቐረበ ጸብጻብ፡ ኣብቲ ንኡስ ዞባ ትካላት ጥዕና ብዘሀብኦ ዘለዋ ኣገልግሎት፡ ከሽክን ቀደምን ድሕርን ሕርሲ ካብ ዝሓለፈ ዓመት ብ4 ሚእታዊት ከም ዝዓበየ፡ ሽፈነ ክታበት ኣብ ጽቡቕ ደረጃ ከም ዘሎ ከምኡ'ውን ተጠቃምነት ዓይኒ-ምድሪ 48 ሚእታዊት ከም ዝበጽሐ ተገሊጹ።

ኣብቲ ዝቐረበ ጸብጻብ፡ ቅድሚ ናጽነት ሽፈነ ኣገልግሎት ትምህርቲ ትሑት ምንባሩ፡ ድሕሪ ናጽነት ግን ካብ ቅድመ-ትምህርቲ ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ከም ዝሰፍሐ፡ ተሳታፍነት ደቀኣንስትዮ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ትሑት ስለ ዘሎ፡ ንምሕያሉ ወሀድ ጻዕሪ ከም ዝግደሲ ተጠቒሱ።

ኣብ ምምሕዳር ከባቢታት ናይቲ ንኡስ ዞባ ኣገልግሎት ቀረብ ጽሩይ ዝስተ ማይ ተዋዲዱ፡ ህዝቢ ተጠቃሚ ከም ዝኾነ፡ ህዝቢ ሕርሻ ተምሪ ክልምዕ ብዘተወሰደ ተበግሶ 383 ፈልሲ ተምሪ ከም ዝተዓደለ፡ ጥዕና እንስሳታት ንምሕላው 17 ሽሕ ጠለብዕን ጥሪትን ከም ዝተኸትባ፡ ን160 ሓረስቶት ድማ ዝተፈላለየ ስልጠና ከም ዝተዋህበ እቲ ጸብጻብ ወሲኹ ኣረዲኡ።

ብዘይካዚ፡ ብጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕንነትን ንልዕሊ 200 ስድራቤት ስውኣት ደበስ ከም ዝተኸፍለ፡ ብደቀኣንስትዮ ዝኣለያ 10 ጸገማት ስድራቤታት ብጥሪት ከም ዝተጣየሳ ከምኡ'ውን 82 ጸገማት ተማሃሮ ሓገዝ ናውቲ ትምህርቲ ከም ዝተገብረሎም ተገሊጹ።

ኣብ መዛዘሚ እቲ ገምጋም፡ ኣማሓዳሪ ንኡስ ዞባ ደቡብ ደንካልያ ኣቶ ሙሳ ሓጂ ኣብ ዘስምዖ ቃል፡ ህዝቢ ተጠቃሚ ተዋዲዱ ዘሎ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንኽሽሞውን ብዘለዓለ ክሰርሕ፡ ሕርሻዊ ልምዓት ክሕይልን ግብሪ መምዕቢ ኣብ ግዚኡ ክእከበን ኣዘኻኺሩ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045

ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳጶ. 1284


# ሰ/ቀ/ባሕሪ - ተኽሊ ካሳቫ ንምትእትታው ይስራሕ ኣሎ

ጨ/ሚኒስትሪ ሕርሻ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ጥዕናውን ቀንጠባውን ኣገዳስነት ዝለዎ ተኽሊ ካሳቫ ናብ ሓረስቶት ንምትእትታው ዝዓለመ ስልጠና ብ10 ታሕሳስ ኣብ ባጽዕ ወሃበ።

እቲ ካብ 8 ንኡስ ዞባታት ንዝተዋጽኡ 40 ክኢላታት ናብራ ዕብየትን ኣሕምላትን ፍረታት ዝተዋህበ ስልጠና፡ ግብራውን ክልሰሓሳብውን ኩይኑ፣ ኣብ መኣዛዊ ጥቕሚታት፡ ኣገባብ ኣተኻኽላን ኣተኻኽላን ተኽሊ ካሳቫ ዘተኩረ ምንባሩ፣ ነቲ ስልጠና ካብ ዝሃቡ፣ ካብ ሃገራዊ ትካላት ሕርሻዊ ምርምር ኤርትራ ክኢላ ምግቢን ኣመጋግባን ወ/ሮ ጸገዎት ብርሃ ሓቢሩ።

ተኽሊ ካሳቫ ብሰፈሑ ክተኣታቶ ዘለዎ፡ መኣዛዊ ትሕዝቶ ምግቢ ካብ ዘሀብትሙ ኣትክልቲ ምዃኑ ዝገለጸ ሓላፊ ጨንፈር ልምዓት ብቑሊ ኣቶ ተስፋት ገብረእዝግኣብሄር፡ ኣስታት 4500 ፈልስታት ካሳቫ ኣብ መደበር ፈልሲ ፍልፍል ተዳልዩ ከም ዘሎ፡ ኣብ ቀረባ ግዜ ንሓረስቶት ክዕደሉ ምዃኑ ሓቢሩ።

ኣቶ ተስፋት፡ ስልጠንቲ ቀሲሞሞ ዘለዉ ፍልጠት ንኣልማዕቲ ጀራዲን ኩሉ ተጠቃሚ ህዝቢ ኣብ ምትሕልላፍ ዓቢ ክሰርሑ ተላቢዩ።

ኣብ መወዳእታ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ማይን ኣቶ ሚካኤል ተኪኤ ኣብ ዘሰምዖ ቃል፣ ተኽሊ ካሳቫ ቀንጠባውን ጥዕናውን ኣገዳስነቱ ዓቢ ስለዝኾነ፣ ብደረጃ ሃገር ንምትእትታዊ ክሰራሕ ምዃኑ፣ ብፍላይ ድማ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ብጽቡቕ ዝቢጋስ ዘሎ ንጥፈታት ብዝሓየለ መልክዑ ክድፍኣሉ ምዃኑ ኣረጋጊጹ።



ስእሊ. ደምሳስ ጸጋይ

# መዘናጋዒ

መርሃዊ-ገብረሚካኤል

## ክብሪ ገዛእ ነብስኻ ምሕላው

ሓደ ዕድመ ዝደፍአ ሸማግለ ሰብኣይ፡ ብድኻም ተሰኪፉ ናብ ሓንቲ ንእሽቶ ዒዲ በጽሐ። እቲ ሸማግለ ሰብኣይ ካብ ርሑቕ ከቢቢ ተሰኪምዎ ዝመጸ ሰለስተ ሳናጡ'ውን ነበሮ። ኣብታ ንእሽቶ ዒዲ ምስ በጽሐ ድማ፡ ነቲ ሳንጣታት ዘኻኽሞ መንእሰይ ክደሊ ሓለየ። በዚ መሰረት፡ ናብቶም ተኣኪቦም ዘዕልሉ ዝነበሩ መንእሰያት ብምቕራብ፡ ንሳናጡኡ ናብቲ ዝደልዮ ቦታ ዘኻኽሞን ኣምሳያ ውዕለቱ ድማ ብኡ-ሉስ ዝተሰርሐ ሳናቲም ክኸፍሎ'ን ምዃኑ ገለጸሎም።

ካብ መንጎኦም፡ ሓደ መንእሰይ ነቲ ሸማግለ ሰብኣይ ክሕግዞ ተበገሰ። ድሕሪዚ፡ እቲ መንእሰይ ሳናጡ ናይ'ቲ ሰብኣይ ንኽሰከም ጉዕዞ ፈለሙ። እዚ ይኹን እምበር ኣብ ፈለማ ጉዕዞኦ፡ እቲ ሰብኣይ ነቲ መንእሰይ ዝኾነ ሳንጣ ክሰክም ኣየፍቀደሉን።

ጉዕዞኦም ብሩባ ሩባ ቀጸሉ። እንተኾነ ግና ናብቲ ዝሓሰብዎ ቦታ ከይበጽሑ፡ እቲ ሸማግለ ሰብኣይ ብድኻም ተሰኪፉ ክጉዓዝ ከም ዘይክእል ዝሕብር ትሑት ድምጺ ኣስምዐ።

እቲ መንእሰይ ብዓቕሊ ደድሕሪ'ቲ ሰብኣይ ክሰጉም ድሕሪ ምጽናሕ፡ ንፈለማ ግዜ ካብቲ እቲ ሸማግለ ሰብኣይ ተሰኪምዎ ዝነበረ ሰለስተ ሳናጡ ክሰክም ዝኽእል እንተ ኾይኑ ሓተቶ።

እቲ ሸማግለ ሰብኣይ ግና ናብቲ መንእሰይ እናጠመተ፡ "እዘን ክልተ ሳናጡ ናይ ኑሓስ ሳናቲም'የን መለአን ዘለዋ። ሒዝካየን እንተ ሃደምካኸ?" ብምባል ስክፍታኡ ገለጸ።

እቲ መንእሰይ ሰቕ ኢሉ ክሰምዕ ድሕሪ ምጽናሕ ዓይኒ ዓይኒ ናይ'ቲ ሰብኣይ እናጠመተ፡ "ኣቡዘም ኣቦ፡ ክብሪ ገዛእ ነብሰይ ካብ ዘሎ ወትሩ ድኻ ኮይነ ክነብር'የ ዝመርጽ" ክብል መለሰሉ። ብመልሲ ናይ'ቲ መንእሰይ ኣዝዩ ዝተሓጎሰ ሸማግለ ሰብኣይ ፍሸኽ እናበለ ነተን ሳናጡ ኣረከቦ።

ጉዕዞ ሩባ ሩባ ተወዲኡ፡ ጎቦ ክሓኽሩ ጀመሩ። እቲ ሸማግለ ሰብኣይ፡ ሕጂ'ውን ድኻም ክሰምዖ እናተፈለጦ፡ "ዕድመ ከይዱ'ዩ ዝወደየ። ብዙሕ ድኻም'ውን ኣለኒ" ብምባል ክቐጽል ከም ዘይክእል ተዛረበ። እቲ መንእሰይ፡ "ኣይትሸገሩ ኩሉ ባልጃታትኩም ባዕለይ ክሰክም'የ። ንሸኹም ቀስ እናበልኩም ኣርክቡኒ" ብምባል ደጊሙ ክተስፍዎ ጀመረ።

"እዛ ሳልሰይቲ ሳንጣ ናይ ወርቂ ሳናቲም ዝሓዘት ኣዝያ ክብርቲ እያ። ስለዚ ሕጂ'ውን ሒዝካያ ከይትሃድም ስክፍታ ኣሎኒ ክብል ተዛረበ።

"ወርቂ'ውን እንተ ኾነ ካብ ክብሪ ነብሰይ ዝዓቢ ኣይተዛን" ብምባል ሕጂ'ውን ኣብ ነገራት ዘለዎ ኣመለኻኽታ ካብ ክብሪ ነብሱ ከም ዘይዓቢ ዘጽር መርገጺ ኣስመዐ። በዚ መሰረት ንሰለስተ ሳናጡ ናይ'ቲ ሸማግለ ሰብኣይ ተሰኪሙ ምጉዓዝ ቀጸለ።

እቲ መንእሰይ እናተጓዕዘ እንክሎ ኣብ ኣእምሮኡ ብዙሓት ሓሳባት ተመላለሱዎ። "ንሰለስተ ሳናጡ ተሰኪመ እንተ ሃደምኩ፡ እዚ ሸማግለ ሰብኣይ ብድኻም ተሰኪፉ ስለ ዘሎ ከርክበኒ ኮነ ክሕዘኒ ኣይክእልን እዩ። እዚ ድማ ንህይወተይ ምሉእ ክናብረኒ ዝኽእል እኹልን ትሩፍን ፐዝዞብ እዩ።

ድሕሪዚ ህይወተይ ዝዘንተእሉ ክቕየር እዩ። ሃብታም ሰብ ኮይነ ክነብርን ደስ ዝበለኒ ነገራት ክዕድግን'ውን ክኽእሊ እዩ" ዝብል ሃንደበታዊ ሓሳብ መጾ። ንሱ'ውን ጸቡቕ ሓሳብ መሲሉ ተራእዮ። ብቐጸበት ብዘለዎ ሓይሊ ንቕድሚት ጉዑ ክሕንብብ ጀመረ።

ኣርሒቑ ምስ ከደ፡ ኣብ ሓደ በዓቲ ብምእታው ነተን ሰለስተ ባልጃታት ከፊቱ ረኣየን። ንኣዒንቱ ክኣምን ኣጸገሞ። ኣብ ዝበሮ ድማ ደሪቑ ተረፈ። እተን ተሰኪሙወን ዝዘደመን ዝፈተሸን ሳናጡ ከም ትጸቢቱ ኑሓስን ኣዋርቕን ዘይኮናስ ኣእማን መለአን እየን ዝጸንሓኦ። ደጋሚሙ ፈቲሹ ዝረኸቦ ወርቂ ኣይነበረን። ኣብ ሓንቲ ሳንጣ ግና ሓንቲ ጽሕፍቲ ረኸበ። እታ ጽሕፍቲ፡ "እዛ ጽሕፍቲ ነቲ ዝበን ሳናጡ ዝተሰከመ ሰብ እያ ትምልከትን ትግባእን። ኣነ በዓል ጼጋ ናይዚ ዓዲ'የ። ዝኾነ ወራሲ'ውን የብለይን። ስለዚ ንኹሉ'ቲ ኣነ ዝወንኖ ሃብቲ ብሕቡእ ዘውርሶ እሙን ሓቀኛ፡ ወፋይን ብቑዕን ሰብ እየ ዝደሊ ዘለኹ። ክሳብ ኣብቲ ናይ መወዳእታ ፈተና በጺሕካ ክትተርፍን ክትሓልፍን ትኽእል ዝበርካ ሰብ ንሸካ ኢኻ ነይርካ" ዝብል ነበረ።

እቲ መንእሰይ ኣብ ዝበሮ ተኾርምዩ ኣምሪሩ ነበዐ። ምሉእ ህይወቱ ኣብ ከብቡ ሓደ ካብቶም ዝምስገን ባዕሪ ዝበርን ኣገዳ ቅሩብ ሕያዋይ ዘይ ናቱ ዘይደሊ ጸዕራም እኳ እንተ ነበረ፡ በቲ ሃንደበት ዝወሰዶ ስግምቲ ግን ካብ ልቡ ሕማቕ ተሰምዖ። ብሰንኪ ሰዐ ክብሪ ገዛእ ነብሱ ኣሕሲሩ፡ ንዘልኣለም ክኸስሮ ካብ ዝኽእል ዝበረ ሃብቲ ምትራፉ ድማ ተሰወጦ።

ኣብ ሓጺር ግዜ ብሰንኪ ቅጅል ዝበሎ ሃንደበታዊ ሕማቕ ሓሳብ ተጋግዩ። ደጊሙ ነቲ ክረኽቦ ዝይክእል ዕድል እናኣስተንተነ ድማ ብዘይ ፋይዳ ናብታ ዝተበገሳ ዓዲ ተመልሰ።

ብዙሕ ዋጋ ከፊልካ ዝሃጸካዮም ክብርታት ብዘይትግመት ንእሹቶ ጌጋ ይፈርሱ'የም። ክብርታትካ ብዘይዋጋኦም ምስ ዝዕየሩ ወይ ዝፍተኑ፡ ሽዑ'ዩ ክብሪ ገዛእ ርእሰኻ ሓቀኛ ዋጋኡ ዝልካዕ።



## መደብ ተለቭዥን

**(ሰንበት) ዕለት** 14/12/2025

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ኤሮቢክስ |
| 09:35 | ፊዮሪና |
| 10:20 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ማእገር |
| 11:00 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ |
| 11:40 | ቀስተ ድሕነት |
| 14:00 | ሞዛይክ |
| 17:00 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ፍረ ጻዕሪ |
| 17:30 | ፈንቅል |
| 18:15 | ዶክመንት |
| 18:50 | ህርመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ፊልም እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መደብ ቡያ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ድራማ |
| 22:40 | ዜና (እንግሊዝ) |

**(ሰኑይ) ዕለት**15/12/2025

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ዕላል ተመክሮ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ዕላል ጥበባት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ |
| 15:30 | ዶክመንት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ደረት ቃና |
| 19:10 | ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ደሃይ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ኢድኣት |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

## ኣርቲስት ፍሪዳ ካህሎ



ስነ ጥበበኛት ፍሪዳ ካህሎ ሓንቲ ካብተን ኣብ ጉዕዞ ስነ ጥበብ ዓለምና ልዑል ተፈታውነት ዝተረፈት መካሰኻዊት ስነ ጥበበኛ እያ። እዛ መካሰኻዊት ቀባኢት ኣብ ዓለም ተፈላጥነታ ንኽዕብ ዝደረኻ ኣብ ቅብኣ ብእተርእዮ ፍሉይ ጠመተ እዩ።

መብዛሕትኦም ጥበባዊ ስርሓታ ብዛዕባ ሰብነት ኣብ ገዛእ ነብሳ፡ ካልኦት ኣብ ልዕሊኣ ዝሓሰቦምን ዝርእዮምን ሽግራት እያ ክተንጸባርቕ ትፍትን። ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ ንሓንቲ ካብ ተዘክሮቲ ስርሓታ ብኸምዚ ዝስዕብ ዝገለጸታ እያ።

"ኣብ መወዳእታ ዝተረዳእኩዎ ነገር እንተ ኣሎ፡ ንኽንፍቀር ዝኾነ ነገር ክንገብር ከም ዘየድልየና እዩ። ኣብ ጉዕዞ ህይወት፡ ዝጸበቕናን ዝበልጸግናን ኮይንና ንኽንንርእ ዝጠዘለ ግዜና ኣብ ጻዕሪ ኢና ነሕልፎ። እንተ ኾነ ኣብዛ ዓለም ኣብ ዝበርኩለን ዓመታት ክልተ ነገር ጥራይ እየ ተማሂረ። ንሳተን ከኣ፡ 'እቶም ዘፍቅሩና ብልቢታቶም እዮም ዝርእዩና። ካብቲ ዘለናዮ ክንርእዮ ዝምኑቦኣናን ንላዕሊ ድማ ይርእዩና። እቶም ዘየፍቅሩና ግን ዝበርናሉ እንተ ገበርና፡ ኩሉ ንጸቡቕ ኢልና ዝበርናዮ ዝኾነ ነገር'ውን እንተ ኾነ ኣብ ኣዒንቶም ናትና ነገር መሊኡ ኣይመልእን እዩ'። ብርግጽ ሰባት ክሳብ ዝኾንና ምሉኣት ክንኸውን ኣይንኽእልን ኢና። እዚ ይኹን እምበር ጉድለታትና ብዙሕ ኣደህቦ ኣይንሃቦም። ሓደ ሓደ ግዜ ነብስና ብኣዒንቲ እቶም ዘፍቕሩና ንመልከታ። ንሶም ዝመርጹና ድማ ንምረጽ።"

## ንፍሽኽታ

ኣብ ሓደ ክፍሊ መምህር ንተመሃሮ ሓደ ዛንታ ነርዮም። እቲ ዛንታ ናይ ሓደ ዕወት ሰብኣይ እዩ ነይሩ።

ዕላማ ናይ'ቲ ዛንታ ድማ፡ እቲ ሰብኣይ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ንኽበጽሕ ተራ ብዓልቲ ቤቱ ልዑል ምንባሩ ንተመሃሮ ንምግላጽ ነበረ።

እቲ መምህር ኩሉ ኣዘንቲዩ ምስ ወድአ ኣብ ሰሌዳ "ብድሕሪ ነፍሲ ወከፍ ዕወት ሰብኣይ፡ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ኣላ" ብምጽሓፍ ትሕዝቶ ናይ'ታ ዛንታ በዚ ሓሳብ ከም ትግለጽ ኣረደኦም።

ሽዑ እቲ መምህር ንሓደ ተመሃራይ፡ "ካብዚ 'ብድሕሪ ነፍሲ ወከፍ ዕወት ሰብኣይ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ኣላ'፡ ትብል ጥቕሲ እንታይ ክንመሃር ንኽእል?" ክብል ሓተቶ።

ተመሃራይ፡ "መምህር፡ ግዜና ናብ ቤት ትምህርቲ ብምምጻእ ከጥፍእን የብልናን። ክንዕወት እንተ ደሊና፡ ደቂ ኣንስትዮ ክንደልን ንሰን ኣብ ዝርከባሉ ስፍራ ጥራይ ክንርከበን ኣሎና" ክብል መለሰ ይብሃል።

## ንልቦና

1. ኣይተሃን ዝወጠንካዮ ዝሓዘካዮ እውን ይወድቀካ እዩ። ስለዚ፡ ተስፋ ኣይትቑረጽ።
2. እናረሓቐካዮ ዘይርሕቀካ ከቢዲ ወሰዲ ጥራይ እዩ። ስለዚ፡ ወለድኻ ኣኽብር።
3. ሓቀኛን ነጻን ፈታዊ ኣዝዩ ውሑድ እዩ። ስለዚ፡ ስምዒታትካን ባህግታትካን ንመን ከም ተርእዮን ተኻፍሎን ኣስተውዕል።
4. ብዙሕ ዝዘበርካሉ ብዙሕ ክጎድኣካ ይኽእል እዩ። ስለዚ፡ ተዓሊኻሉ ጽናሕ።
5. ትምህርቲ ድንቁርና እምበር ዕሽነት ኣየጥፍእን እዩ። ስለዚ፡ ካብ ዓያሹ ተጠንቀቕ።
6. እምነት ምጉዳል እቲ ዝሓሰረ ተግባር እዩ። ስለዚ፡ ጥቕልልቲ ሚእቲ ባጤራ ብሓደራ ከተቐምጠሉ ንዘዘለካ ሰብ ክልተ ሓሙሳ ገይርካ እውን ኣይትምለሰሉ።
7. ብዙሓት ሰባት ከምቲ ንሓስቦም ኣይኮኑን። ስለዚ፡ ህድእ ኢልካ ተዓዘብ።
8. ዘይሓልፍ መከራን ግዜን የልቦን። ስለዚ፡ ክብረትካን መትከላትካን ብዘየኾነ ይኹን ዋጋ ናብ ዕዳጋ ከይተወርድ ተጠንቀቕ።
9. ምልእቲ ልብኻ ስለ ዝሃብካዮም ዘሕምቑኻ ዝመስሉም ብዙሓት እዮም። ስለዚ፡ ልብኻ ንመን ከም ትህብ ኣስተውዕል።



# ኣከባቢ



ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

# ዕድላትን ብድሆታትን ኣህጉራዊ ውዕል መርሓ መኸተ ክሊማዊ ለውጢ

ኢ.ን. ጠዓመ ተኸለኣብ
ክፍሊ ኣከባቢ - ሚ/መ/ማይን ኣከባብን

## ሳልሳይን መወዳእታን ክፋል

ድሕሪ ስምምዕ ፓሪስ ዝተገበረ ዘተን ጸብጻባትን ሕጋዊ መሰርሕ ክኽተል ስለ ዝነበሮ፡ መጽሓፍ ሕጊ ፓሪስ (Paris Rulebook) ንኽሕተም ሓያል ድፍኢት ፈጢሩ፡፡ ኣብ ዋዕላ ክሊማ ካቶዊስ (COP24) ድማ ዝዓበየ ክፋል ትሕዝቶ መጽሓፍ ሕጊ ፓሪስ ክጸድቕ ክኢሉ፡፡ ኣብ ዋዕላ ክሊማ ግላስጎው (COP26) ንዓለምለኻዊ ዕዳጋታት ካርቦን ዝምልከት ሕግታት ሓዊሱ ዝተረፉ ክፋላት መጽሓፍ ሕጊ ፓሪስ ብምጽዳቕ፡ መጽሓፍ ሕጊ ፓሪስ ብምሉእነት ኣብ ግብሪ ወዒሉ፡፡ ኣብቲ ውዕል ብዘይካ'ዚ፡ ብፍላይ ኣብ ምግታእ ብርሰት ኣግራብ፡ ምንካይ ተጠቃምነት ከሰልን ምጉዳል ትፋእ ሚቴንን (CH4) ወዘተ ዝተፈላለዩ ስምምዓት ተኻይዶም፡፡ ብሰንኪ ጂኦፖለቲካዊ ወጥሩ ቀጢባውን ክሊማዊን ነውጺ ዘጋጥም ዘሎ ቅልውላው ኣብ ምምዕባል ንዝርከባ ሃገራት ካብቶም በዓሃቲ ምኽንያታት ምዕቡላት ሃገራት ብሰሪ ዝኽተላኦ ዘይቅርዑይ ኣገባባት ዘጋጥም ኣከባብያዊ ዕንወትን ንምፍዋስ ዝግበር ቁርቀሱ ልዕሊ ዓቕሚ እተን ሃገራት ምዃኑ፡ ንምፍዋሱ ድማ ሃብታማት ሃገራት ዘይጭብጥ መብጽዓ ካብ ምእታው ሓሊፈን ግሉጽነትን ፖለቲካዊ ድፍኢት ዘይብሉን ምቅልል ኣብርኽቶ ክነብራ፣ መርገጺ ኣብ ምምዕባል ዝርከብ ሃገራት እዩ፡፡ ብፍላይ ኣብ ምጉዳል ትፋእ በልዕቲ ጋዛት፡ ምፍዋስ ክሊማዊ ቅልውላው ከምኡ'ውን ኣብ መበል 27 ዋዕላ ክሊማ ተቐባልነት ዝረኸበ ምኽፋል




ዕዳ ብሰንኪ ነውጺ ክሊማ ዝመጽእ ጥፍኣትን ዕንወትን (loss and damage) ስጉምቲ ክወሰድ፡ ኣባላት ሃገራት ጉጅለ 77ን ሃገራት ኣፍሪቃን ብትብዓት ክሰርሓ ሓንሒነን እየን፡፡

ኣብ ዋዕላ ክሊማ ሻርም ኤል-ሸኽ (COP27) ብሰንኪ ምሕንጋድ ሃብታማት ሃገራት ንኣስታት 9 ዓመት ተቐባልነት ስኢኑ ዝነበረ ኣጀንዳ ምኽፋል ካሕሳ፡ ብሰሪ ክሊማዊ ነውጺ ንዘጋጥም ጥፍኣትን ዕንወትን ርትዓዊ ውሳኔ ረኺቡ፡፡ ኣብዚ ዋዕላ ኣባል ሃገራት ነውጺ ክሊማ ዘኸትሎ ዘሎ ዕንወትን ጥፍኣትን ኣብ ምምዕባል ንዝርከባ ሃገራት ዘድሊ ኣህጉራዊ ኣገባብ ካሕሳ ክህሉ ተሰማሚዖም፡፡ እዚ ብቐጠባ ዝበልጸጋ ሃገራት ዝግበር ፍሉይ ሓገዝ ኮይኑ፡ ብሰንኪ ክሊማዊ ነውጺ ዘጋጥሙ ሓደጋታት ንዝተሃስየ ቀጠባዊ ኮነ ኣከባብያዊ ክሳራታት ንምሕዋይን ምፍዋስን ዝውዕል እዩ፡፡ ኣብ ዋዕላ ክሊማ ዱባይ (COP28) ድማ ፍሉይ ዝኾነ ማዕከን ገንዘብን ምሕደርኡን ኣጣይሹ፡፡ ነቲ ዝተኣከበ ገንዘብ ዘማእክልን ዘመሓድርን ዓለማዊ ባንክ ብምዃኑ ግን፡ ኣብ ምምዕባል ንዝርከባ ሃገራት ዝዕየፍትሓዊ ኣካይዳ ዓለማዊ ባንክ ብምጥቃስ፡ ዘለዎም ቅሬታ ገሊጾም እዮም፡፡ ብተወሳኺ፡ ካብ ሃብታማት ሃገራት መን እያ ትኸፍል፡ ክንደይከ እያ ትኸፍል? ዝብል ሕቶታት ክለዓል ከሎ፡ ኣብ ምምዕባል ዝርከብ ሃገራት ክሳብ ሕጂ ዝተገብረ መብጽዓታት፡ ኣስታት 700 ሚልዮን ዶላር ምስቲ ዓመታዊ ዘጋጥም ዕንወት እንክነጻጸር ኣዝዩ ውሑድ ምዃኑ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ኣኼባታት ቅሬታኦም ክገልጹ ጸኒሖም እዮም፡፡

ኣብ መበል 28 ዋዕላ ክሊማ ዱባይ (COP 28) ፈላማይ ኣህጉራዊ ገምጋም ዝተገበረሉ ውዕል ፓሪስ ተኻይዱ፡፡ ዓለም ካብ ማስመር ዕላማታት ፓሪስ ርሒቓ ከምዝላ ድማ ደምዲሙ፡፡ ተታሒዘን ዘለዋ ሃገራዊ ውጥን ምምካት ክሊማዊ ለውጢ እኹል ከምዘይኮነ፡ ስምምዕ ፓሪስ ክዕወት እንተ ኾይኑ ተሓዲሱ ጸዓት ብሰለስተ ዕጽፊ፡ ቀጠባዊ ጸዓት ድማ ብዕጽፊ ክሳብ 2030 ክዓቢ ኣብ ናይ መጀመርታ ጸብጻብ ዓለማዊ ዳህሳስ (Global Stocktaking Assessment) ምምካት ክሊማዊ ለውጢ ተቐባልነት ረኺቡ፡፡ በዚ መሰረት ኣባል ሃገራት፡ ሓደሽ ሳልሳይ ወለዶ ሃገራዊ ውጥን ምምካት ክሊማዊ ለውጢ (NDC3.0) ከረክባ ኣብ ስምምዕ በጺሐን፡፡ እቲ ናይ መወዳእታ ውሳኔ፡ "ኣብ ስርዓታት ጸዓት ካብ ቅሪተ-ኣካላት ነዳዲ (Fossil Fuel) ቀልጢፍካ ምስግጋር" ዝብል ታሪኻዊ ጻውዒት ዘጠቓለለ ስምምዕ ተኻይዱ፡፡ ንመጀመርታ ግዜ ድማ ቅሪተ-ኣካላት ነዳዲ ኣብ ውሳኔ ዋዕላ ክሊማ ብግልጺ ተጠቒሱ፡፡ ፋይናንሳዊ ሓገዝ ክዓቢ፡ ንምርዓምን ምፍዋስን ክሊማዊ ለውጢ ዝግበር ሓገዝ ክወሰኽ ዝብሉ እውን ኣብቲ ዋዕላ ኣብ ስምምዕ ካብ ዝተበጽሑ ዛዕባታት እዮም፡፡ ይኹን'ምበር፡ ታሪኻዊ ተሓተትቲ ብመሰረት ዝኣተውዎ መትከል መራሕነት ክወስዱ እናተጸበኹም፡ ትፋእ በልዕቲ ጋዛት (GHG) ክሳብ 2050 ናብ ዜሮ ንምውራድ ዝተታሕዘ ስትራተጂ ኣብ ማስመር ከምዘየለ እዩም ዝተፈላለዩ መጽናዕትታት ዝሕብሩ፡፡ ኣብቲ ኢጋጥሚ ኤርትራን ከምኣ ዝኣመሰላ ሃገራትን ካብ ኣብ ትሑት ምዕባለ ዝርከባ ሃገራት፡ ዝትፋእ በልዕቲ ጋዛት ብኸሱ መዐቀኒታት ዕሽሽ ክበሃል ዝከኣል ኣዝዩ ዝውሓደ ምዃኑ፡ እንተኾነ ግን፡ ብሰንኪ ትሑት ናይ ምጽዋርን ምክልኻልን ዓቕሚ ዝያዳ ኩሉ ብማዕበላዊ ዋሒ፡ ደርቂ፡ ወረር ኣንበጣን ባልዓትን፡ ምቅይያር ዘይንቡር ዝናብን ዕልቕልቕን ይጉድኣ ስለ ዘለዋ፡ ቅልጡፍ ስጉምቲ ክውሰድ ንኣባል ሃገራት ኣዘኻኺረን፡፡ ክሊማዊ ነውጺ ኣብ ክንዲ ኑቶም ዝያዳ ዝበከሉ፡ ኑቶም ኣብ ምብካል ዝኾነ ኣበሳ ዘይብሎም ስለ ዝጎድእ፡ ኩሉ ግዜ ፍትሓዊ ኣይኮነን ተባሂሉ ካብ ዝጥቀሱ ሰለስተ ኣከባብያዊ ቅልውላዋት ሓደ እዩ፡፡

መበል 29 ዋዕላ ክሊማ ባኩ (COP 29)፡ ወዲ መድረኽ ዝተኻየደሉ ዋዕላ ኮይኑ፡ ብማሕበረሰብ ዓለም ዋዕላ ፋይናንስ ተባሂሉ ዝተዘመረሉ እዩ፡፡ እቲ ውሳኔ ኣኼባ ባኩ ክዛዘም እኳ እንተነበረ፡ ኣብ መንጎ ምዕቡላትን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራትን ብዘተኸሰተ ፍልልያት፡ ብፍላይ ኣብቶም ቀንዲ ኣጀንዳ ናይቲ ዋዕላ ክሰማምዑ ብዘይ ምኽኣሎም፡ ካብቲ ክዛዘም ዝተወሰነሉ ዕለት መዓልታት ክልቀበ'ዩ ተጎዲዱ፡፡ እቲ እንኮን ኣዝዩ ኣገዳስን ግዴታ ዘለዎን ዕማም ሓደሽ ተለካዒ ሓባራዊ ፋይናንሳዊ ሽቶ (New Collective Quantified Goal on Finance) ምቕማጥን ምቕባልን እዩ፡፡ እዚ ድማ ነቲ ካብ 2020-2025 ኣብ ምምዕባል ናብ ዝርከባ ሃገራት ክበጽሕ ዝበሮ ሓገዝ 100 ቢልዮን ዶላር ንምትካእ ዝዓለመ እዩ ነይሩ፡፡ እቲ ኣብ 2009 ዝተሰማምዕሉ ናይ 100 ቢልዮን ዶላር ሽቶ፡ ሕጂ እኹል ከምዘይኮነ፡ እቲ ሓደሽ ሽቶ ፋይናንስ፡ ናብ ጽሩይ ጸዓት ንምስግጋር፡ ክሊማዊ ነውጺ ንምርዓምን ምፍዋስን፡ ወፍሪ ንምትብባዕን ክሳራን ዕንወትን ንምፍታሕ ዘድሊ ባጀትን ከንጸባርቕ ኣለዎ ዝብል እዩ፡፡ ከም G77ን ቻይናን ዝኣመሰላ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት፡ ዓመታዊ 1.3 ትሪልዮን ዶላር ከምዘድሊ እማመ ኣቕሪበን፡፡ ምዕቡላት ሃገራት ግን ዚ ባጀት ክቐርባ ድልዋት ስለ ዘየርኣያ ግዱ እቲ ፍልልይ ገፊሑ፡፡ ኣባል ሃገራት ድማ በዚ ምኽንያት ኣብ እዋኑ ኣብ ኣጀንዳ ክሰማምዓ ኣይከኣላን፡፡ ኣብ መወዳእታ እቲ ዝቐረበ ጠለብ 1.3 ትሪልዮን ዶላር'ኳ እንተነበረ፡ ኣብ ሓደሽ ሽቶ ፊናንስ ክሊማ (NCQG) ኣብ 2035 ዝበጽሕ ዓመታዊ 300 ቢልዮን ዶላር ጥራይ ክኸውን ኣብ ስምምዕ ተበጺሑ፡፡ ከምኡ'ውን ንዝቕጽሕ ዓመታት ከተትዕ ዝጸንሐ ናይ ምትሕብባር ኣገባባት ትግባረ ዕዳጋታት ካርቦን ኣብ ስምምዕ ፓሪስ ኣብ ናይ መወዳእታ ግዜ ብዘዘዋህበ ውሳኔ ጸዲቑ፡፡




ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ዓለም ነቲ ንህይወት ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ሰለስ ፕላኔታዊ ቅልውላዋት ኣብ ላዕለዋይ ደረጃ ኣጀንዳኡ ካብ ዘቐመጦ ዓሰርተታት ዓመታት ሓሊፉ ኣሎ፡፡ ኣብ መበል 30 ዋዕላታት ክሊማ ኣገደስቲ ስጉምቲታትን ስምምዓትን እንተ ተኻየዱ'ኳ፡ ብሕጂ ግና ኣዝዩ ነዊሕ መንገዲ ከምዝድሊ ግን ዘጠራጥር ኣይኮነን፡፡ ምኽንያቱ ስምምዕ ፓሪስ ብምሉኡነት እንተዘይ ተተግቢሩ፡ ኣብ ህይወት ደቂ-ሰብን ስርዓተ-ማሕደርን ክወርድ ዝኽእል መቕዘፍቲ መዳርግቲ ኣይክርከቦን እዩ፡፡ እቲ መሰርሕ ይቕጽል ኣሎ፡ ነፍሲ-ወከፍ ዋዕላ ክሊማ (COP) ድማ ናቱ ወሳኒ መድረኽ ኣለዎ፡፡ እቲ ዕንቅፋት ኣብ ምትግባርን ምትእምማንን ስለዝኾኑ ዳግማይ ክህሎን ክየብን ርትዓዊ ቀረጽ ስጉምቲን የድልዩ፡፡ ናይዚ ውጽኢት እቲ ብሃብታማት ሃገራት ዝኣቶ መብጽዓ ቀጻሊ ክትግበር ብዘይምኽኣሉ፡ ንዘይምትእምማንን ምትፍናንን የቃልዕ ስለ ዘሎ፡ ኣብዚ ጉዳይ መራሕቲ ሃብታማት ሃገራት ሓላፍነቶም ክዋጽኡ ይግባእ፡፡ ምስግጋር ተክኖሎጂ ቀንዲ ማሕንቖ ዘላቒ ልምዓትን ሓፂላይ ቀጠባን ይኸውን ስለ ዘሎ ድማ በቲ ካልእ፡ ብኢንዱስትሪ ዝበልጸጋ ሃገራት ዝበጽሕኦ ምዕባለ ተክኖሎጂ ብዘይ ተገላባጥነት ናይ ምስግጋር ተበግሶ ክወስዳ ኣለወን፡፡ ምኽንያቱ ዓለማዊ ሽግር ዓለማዊ መፍትሒ ስለ ዘድልዮ፡፡ ንዚያዳ ኣድማዕነት ካብ በይናዊ ደገፋትን ጂኦፖለቲካዊ ውጥንን ወጺእካ፡ ንኹሉ ዝሓቁፍ ፍትሓዊን ሓባራዊን ደገፋት ክበርክት እዋኑ ስለ ዝኾነ፡፡





# ካብ ታሪኽ ሰውራና



መሓመድ እድሪስ

## እቲ ኻልእ ገድሊ ንናጽነት

ኣብ ዝሓለፉ ሕታማት ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ 'ሃገራዊ ባህልና ይዓንብብ' ብዝብል ቴማ ኣብ መስከረም 1987 ኣብ ሜዳ ዓራርብ ዝተኻየደ ብባህላዊ ቅነ ዝፍለጥ ቀዳማይ ፈስቲቫል ሰውራ ኣብ ሜዳ ከምኡ'ውን እቲ ድሕሪኡ ዝሰዓበን ብተኸታታሊ ዝቐርብ ዝነበረን ንጉጅለ ባህሊ. ቀያሕቲ ዕንባብ ዝምልከት ርኢና ነይርና። ካብዚ ቀጺሉ ድማ፡ እተን ኣብ ሜዳ በብጽዋዑ ኣብ ግንባርን ደጀንን ዝሰሩ ዝነበራ ጉጅለታት ባህሊ. ካብ ወቕያኖስ ትሕዝቶኡ ብጭልፋ ዓቒንና ቁሩብ ክነርኢ ክንፍትን ኢና። ንሎሚ ድማ ኣቃውማ ጉጅለታት ባህሊ. ሰውራ ብሓፈሻ እንታይ ይመስል ከም ዝነበረ ምርኣይ ኣገዳሲ'ዩ።

በተን ኣብ 70ታት በብጽዋዑ ዝፅንበባ ዝነበራ ጉጅለታት ባህሊ፡ ጎድኒ ጎድኒ እቲ ኣብ ሜዳ ብህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ኣብ ግንባር ፊት ንፊት ኣንጻር ሰራዊት መግዛእቲ ዝተኻየደ ዝነበረ ርሱን ወተሃደራዊ ግጥማት፡ ኣብ ሳሕል ኮነ ኣብ ባርካ ምስቲ ወተሃደራዊ ኩነታት ዝኸይድ ዜማታት ይቐርብ ነይሩ። እዚ ንኹለን ብሄራትና ዝሓቕፍ ዜማታትን ትልሂታትን ድማ፡ ንተጋዳላይ ይኹን ንሓፋሽ ህዝቢ. የጕሳጕሰን ሃገራዊ ስምዒቱ ከም ዝበርኽ ይገብርን ነይሩ።

ብፍላይ ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት ደሓር ህዝባዊ ግንባር እንተ ረኣና፡ እቲ ካብ መፋርቕ ሰብዓታት ኣብቲ ደጀን ሰውራ ዝነበረ ፋሕን ብሉቃትን ዝተወልደት ጉጅለ ባህሊ፡ ኣብ ህዝብን ተጋደልትን ምርኢት ከተቕርብ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ካብ መፋርቕ 1976 ንደሓር ግን ብማእከላይ ጉጅለ ባህሊ. ዝፍለጥ ብዝተወደበ ኣገባብ ዝቖመት ጉጅለ ባህሊ. ክሳብ 1980 ጉዕዛኣ ቀጺላ። ኣብ 1977 እታ ኣብ ዜሮ ዝተወልደት ብተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝቖመት ካልኣይቲ ጉጅለ ባህሊ'ውን ተራኣ ቀሊል ኣይነበረን። ድሕሪ ምዝላቕ ጉጅለ ባህሊ. ቤት ትምህርቲ ሰውራ ቡዩም ካብ ከበሳ ዘዘለቑ ብቐያሕቲ ዕንባባ ማዕረጋ፡ ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ. ተኸታታሊ. ሕታማት ዝተገልጸ፡ ኣብ ጎድኒ እቲ ወተሃደራዊ ረጽሚ ልዑል ተራ ተጻዊታ።

ድሕሪ ምዝላቕ ኣውራ ድማ ድሕሪ 5ይ ወራር፡ ኣብ ግንባራት ካልእ ሰውራዊ ባህሊ. ክዕንበብ ከኣለ፡ እተን ብሓይልን ብጦሎግን ዝፈለጣ ክንዲ ከበሮ፡ ጀሪካን እናተጠቕማ ዝቐማ ጉጅለታት ባህሊ. ሓይልታት፡ በብጽዋዑ ስልጠን ጣወላን እናኣራረያ ክራርን ጊታርን ክሰርሓ ሓርነትትኮት በሉ፡ ብሰላ እቲ ዘይሕሰል ጻዕርን ትግሃትን ተጋደልቲ ድማ፡ እተን ብሓይልን ብጦሎግን ዝፈለጣ ጉጅለታት ባህሊ. ሓይልታት ከይደንጎያ ናብ ጉጅለታት ባህሊ. ብርጌዳት ማዕበላ፡ ምስ ምቛም ክፍለ ሰውራዊታት ኣብ 1984 ድማ፡ ናብ ጉጅለታት ባህሊ. ክፍላተ ሰራዊት ማዕበለን። እተን ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ናቕፋን ዝነበራ ብርጌዳት ኻተን ጉጅለታት ባህሊ. ብምቛም ኣብ መንጎአን ቅዱስ ቅንኢ. ብምሕዳር መን ካብ መን ክትሰንፍ ዘይከኦ፡ መን ካብ መን ክትሓልፍን ንቅድሚት ክትውንጨፍን ቅዱስ ቅንኢ. ብዘርኢ. ውድድራት ተኻየደ።

ኣብ 1980 እታ ኣብ 1976 ኣብ ፋሕ ዝቖመት ባህሊ. ወድብ እትፍለጥ ማእከላይ ጉጅለ ባህሊ. ንግዜኡ፡ ናብተን ኣብ ግንባራት ዝሰሩ ዝነበራ ጉጅለታት ባህሊ. ብርጌዳት ፋሕ ኢሉ፡ እዚ ድማ ዝያዳ ተመክሮ ንምልውዋጥ ነበረ። እተን 10 ብርጌዳት ህ.ግ. ማለት ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ዝነበራ ብርጌዳት 4፡ 23፡ 31፡ 44 ከምኡ'ውን 76 (ከበድ ብረት)፡ እተን ኣብ ግንባር ናቕፋ ዝነበራ፡ ብርጌዳት 51፡ 58፡ 70ን 77 ከምኡ'ውን ደሓር ዝቖመት ኣብ ድሕሪ መስመር ዝነበረት ብርጌድ 80 በበወገነን ጉጅለታት ባህሊ. ብምቛም ኣብ ህዝብን ተጋደልትን ኣደናቒ ምርኢት ከቕርባ ከለዋ፡ እቶም ዝያዳ ተመኩሮ ዝነበሮም ኣባላት ማእከላይ ጉጅለ ባህሊ. ድማ፡ ኣብዘን ጉጅለታት ባህሊ. ብርጌዳት ተመዲቦም፡ ተመኩሮ ኣብ ምቕሳም ዓቢ. ተራ ተጻዊቶም።

ድሕሪ'ዚ ኣብ ደጀን'ውን ካልኦት ጉጅለታት ባህሊ. ክምስረታ ጀመራ። ጉጅለታት ባህሊ. ራሕብ ደሓር ኮሚሽን



ጉጅለ ባህሊ. ብርጌድ 23 ኣብ ዘበነ ከበሮ ብጀሪካን



ጉጅለ ባህሊ. ተሓኤ



ጉጅለ ባህሊ. ቀያሕቲ ዕንባባ (10-01-1985 ፖርት-ሱዳን)

ምስናዕ፡ ጉጅለ ባህሊ. ሓለዋ ሰውራ፡ ጉጅለ ባህሊ. ክፍሊ. ታዕሊም፡ ጉጅለታት ባህሊ. ክፍሊ. ማሕበራዊ ጉዳያት ክጥቀሳ ይኽእላ። ልዕሊ. ኹሉ እቶም ኣብ ትሕቲ ክፍሊ. ማሕበራዊ ጉዳያት ዝኣለዩ ዝነበሩ ስንኩላን ተጋደልቲ ኻቶም ጉጅለ ባህሊ. ብምቛም ኣብ ግንባራትን ደጀንን ዑደት እናገበሩ ዘቕርብዎ ዝነበሩ ሱሓቢ. ምርኢታት ዝርሰዕ ኣይኮነን። በዚ. ምርኢታት'ዚ. ድማ፡ ብሓቂ. እቲ ወድብ ኣብ ጎድኒ እቲ ዝካየድ ዝነበረ ወተሃደራዊ ግጥማት ካልእ ባህላዊ ግንባር ብምቛም ተጋዳላይ ኣብ ክንዲ. ውግእን ወረ ውግእን ቡቲ በብጽዋዑ ዝካየድ ዝነበረ ሰውራዊ ባህልታት እናተዘናገዐ ዝያዳ ከም ዝምክት ይገብር ነይሩ።

እተን ኣብ ትሕቲ ክፍሊ. ማሕበራዊ ጉዳያት ዝተማስረታ ጉጅለታት ባህሊ፡ ኣብ ትሕቲ'ቲ ኣብ ዓራርብ ዝነበረ ብመዓስከር ብደሆ ዝፍለጥ ብዓይነ ስዉራን ዝቖመት ሓንቲ ጉጅለ ባህሊ፡ ካልኣይቲ ድማ ካልእ ስንክልና ብዝነበሮም ስንኩላን ተጋደልቲ ዝቖመት፡ ከምኡ'ውን እቶም ዝያዳ ክእለዩ ኣብ ፖርትሱዳን ዝነበሩ ዳርጋ ኩሎም ፍርቂ. ኣካሎም ዝለመሰ፡ ካብ ዊልቸር ዘይወርዱ ፓራላይዝ ስንኩላን ከይተረፉ ኣብ ክሊኒክ ፖርትሱዳን ናቶም ጉጅለ ባህሊ. ዝመስረቱዋ ነይሮም። እዛ ኣብ ፖርት ሱዳን ዝቖመት ጉጅለ ባህሊ፡ ንርእሳ ኩይና ኣብ ሰደት ክርተት ዝብል ዝነበረ ህዝብና ብኩልንትናኡ ምስ ሰውራኡ ከም ዝሰጎም ንምግባር ብዙሕ ምርኢታት ኣቕሪባ።

ብዘይካ'ዚ. እቲ ኣብ ትሕቲ ማሕበራዊ ጉዳያት ዝኣለ ዝነበረ መዓስከር ሰለሙና ዳርጋ ዓብላሊ. ኣባላቱ ቈልዑሰበይቲ ብምንባሩ፡ እተን ኣብ ትሕቲ ዑቕባ ህ.ግ. ኣብ መዓስከር ሰለሙና ዝነበራ ኣደታት ሓንቲ ህብብቲ ብ "ጓና ሓርነት" እትፍለጥ ጉጅለ ባህሊ. መስሪተን። ጉጅለ ባህሊ. ጓና ሓርነት ኩለን ደቂ ኣንስትዮ ስለ ዝነበራ ባዕላተን ክንዲ. ኣንስትን ሰብኡትን ኰይነን ክደርፋን ክዋስኣን ከለዋ ዘይደንቕ ኣይነበረን።

ካልእ፡ እቶም ኣብ ሰደት ኩይኖም ኣብ ሰውራ ዝተወደቡ ተመሃሮን ሰ ጥበበኛታት'ውን ኣብቲ ዝነብሩሉ ዓድታት ባህላዊ ጉጅለታት ብምቛም፡ ብኣካል ካብ ኤርትራ እንተ ረሓቑኳ ብዜማን መዚቃን ግን ምስቲ ኣብ ውሽጢ. ኤርትራ

ዝነበረ ህዝብን ተጋደልትን ኩይኖም ሃገራዊ ደርፍታትን መዛሙርን የቕርቡ ነይሮም። በዚ. ድማ፡ እተን ጉጅለታት ባህሊ፡ ኤርትራዊ ኣብ ዝሃለወ ይሃሉ ኩሉ ንሃገሩን ህዝቡን ሰውራኡን ብተወፋይነት ከም ዝሰርሕ ይገብር ዝነበረ'ዩ።

እቲ ካብ ኩሉ ዘገርም ግን፡ ንኽትኣምኖ'ውን ዘጠራጥር እቶም ኣብ ትሕቲ ክፍሊ. ሓለዋ ሰውራ ዝነበሩ ምሩኻት ወተሃደራት ኢትዮጵያ፡ ድሮ ብህ.ግ. ዝተዋበረሎም ዝነበረ ፖለቲካዊ ኣስተምህሮ ኾይኖም ንብሄራት ኢትዮጵያ ዘንጸባርቑ፡ ግን ከኣ ኑቲ ሰውራዊ ቃልስናን ቃልሲ. ጭቁናት ብሄራት ኢትዮጵያን ዘጕሳጕስ ዜማታት የቕርቡ ነይሮም። እታ ኣብ ሜዳ ብሓልዮት ህ.ግ. ዝቖመት ብ 'ኢምባ' እትፍለጥ ጉጅለ ባህሊ. ኢትዮጵያውያን ምሩኻት ብሓቂ. ኣደናቒ ምርኢት ብምቕራብ ንተጋደልትን ህዝብን ኤርትራ ዓቢ. መልእኽቲ ተመሓላልፍ ነይራ።

እዞም ደቂ ኣንስትዮ ዘይነበርኦም ምሩኻት ወተሃደራት ኢትዮጵያ፡ ኣብ እዋን ተዋስኦ ኣብ ክንዲ. ባህርያዊ ቁና ጓል ኣንስተይቲ፡ ሰብሰርሖ ጋመ ተቐጺሮም፡ ኣብ ክንዲ. ባህርያዊ ኣጥባት ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣጥባት ዝውክል ኣጭርቅቲ ኣብ ኣፍልቦም ወቲፎም ምርኢት የቕርቡ ነይሮም። ስሉ ጥበበኛታት ጉጅለ ባህሊ. 'ኢምባ' ንናይ ገዛእ ርእሶም ስርዓት ብዜማን መዚቃን ከዋርድዎን ክደርፍዎን እንከለው፡ እዚ. እቲ ካልእ ሓይሊ. ህዝባዊ ግንባር ኣብ ምንቃሕ ህዝቡ ጥራይ ከይተሓጽረ፡ እንኮላይ ንጸላእቱ'ውን ንሓድሕዶም ከም ዝባልዑን ብሰውራ ኤርትራ ከም ዝኣምኑን ካብ ዝገብር ዝነበረ መርኣያ ናይቲ ካልእ ገድሊ. ንናጽነት ነይሩ ክበሃል ይከኣል።

እምበኣር፡ ኣብ ዝቕጽል ሕታማትና ገለ ካብቲ ኣብ ዘቡገድሊ. ኣብ ግንባራትን ደጀንን ማለት ኣብ ሓይልታትን ክፍልታትን ህ.ግ. ዝፅንቡብ ዝነበረ ባህላዊ ንጥፈታት ክነርኢ. ኢና።

ይቕጽል...



## ካብ ዋዛታት ሓርበኛ



*ቢንያም ሃይለ(ኩዶ)*

### ጉዳም ድራማ

ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ፡ ካብቶም ብዘይምቁራጽን ብተጉዳስነትን ዝዝከሩን ዝጥዕሙን ዝነበሩ ዕሉታት ሓደ፡ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ'ዩ ነይሩ። ነፍሲ- ወከፍ ኣሃዱ ድማ፡ ብዝጥዕማ መንገዲ. ትጸንብሎ ነበረት። ድሕሪ 5ይ ወራር፡ ውጉኣት ኮይንና ሕክምና ኣብ ዝነበርናሉ እዋን፡ ኣባላት ሕክምና፡ ነዚ. ዕለት እዚ. ንምዝካር፡ ውሑድ ሰዎን ሕርዶትን ገዪርም ንሕመማት ድሕሪ ምእንጋድ፡ ንዝኽሪ'ቲ ዕለት ዝተዳለወ ድራማ ንኽርእዩና መድረኽ ተዳልዩ ቦታና ሓዝና።

ከም መብዝሕትኡ ናይቲ እዋንቲ ተሞኩሮ፡ እቲ ዝዳሎ ዝነበረ ድራማታት፡ ኪንጆ ጥበባዊ ትሕዝቶኡ፡ ብዝያዳ ዕዙዝን ኣብ መልእኽቲ ዝጸቅጥ'ዩ ነይሩ። በዚ. መሰረት- ንማብል 19 ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎ ንምዝካር ድራማ ሰዓት ሸውዓተ ናይ ምሸት ኣቢሉ ተጀመረ።

እቲ ድራማ፡ ኣብ ክንዲ. ብቐጥታ ናብቲ ዝዕለመሉ ዝኣቱ ንምብራህን ምትእስሳርን ተባሂሉ፡ ካብ ማብቆል ህዝቢ. ኤርትራ፡ ብሓማውያን ሰማውያን እዩ ጀሚሩ። እዚ. ሰዓት ሸውዓተ ዝጀመረ ምርኢት'ዚ፡ ፍርቂ ለይቲ ክቐርብ ከሎ፡ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ. (1961) በጺሑ፡ ምክትታል ዝወሓ ኣብ ጥቓይ ዝነበረ ብጻይ፡ "ገባኤ ኣዶብሓ ምስ በጺሑ ኣተንስኡኒ" ኢሉኒ፡ ኑታ ካብ ኑበሱ ዘይፈልያ ነጸላ ተገልቢቡ ግንበው ኢሉ ደቀሰ።

ድራማ ቡቲ ዝርዝራዊ ኣገባቡ እናቐጸለ፡ ሰዓት 2፡ 30 ናይ ለይቲ ተዋሳኣቲ ገባኤ ኣዶብሓ በጺሑ። ኑቲ ብጻይ ከኣ፡ "በል! ገባኤ ኣዶብሓ በጺሓም ኣለዉ'ሞ ተንስእ ተኸታተል" ክብል ሓደራይ ፈጸምኩ።

ወዮ ብጻይ ንሓንቲ ደቒቕ ትኸውን ተጸሚሙ ድሕሪ ምፅዛብ፡ " ንሰኻ ኣይጽልኣካን እንደዩ ምፍላይ ህዝባዊ ሓይልታት ምስ በጺሑ ኣተንስኣኒ" ኢሉኒ ንዝቑረጸ ድቃስ ንምቕጻል ሽው'ውን ግንበው. በለ። እቲ ድራማ ሰንሰለቱ ከይበተኸ ብብል ኣይትብል ሰዓት 5:30 ወጋሕታ ምፍላይ ህዝባዊ ሓይልታት ካብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ በጺሑ፡ ከምታ ሕድሪደ፡ "በል ውድብና ዝተፈልየሉ እዋን በጺሓም ኣለው፡ ተንስእ ተኸታተል" በልኩዎ። እንተኾነ፡ ካብቶም ኑቲ ድራማ ዝመርሑ ዝነበሩ ሓደ ኣባል፡ "ምድሪ ወጊሑ ስለ ዘሎ፡ ብርህ እንተ ኢሉ ድማ ከም እትፈልጥዎ ነፈርቲ ስለ ዘወፅልና፡ ኣመት ቁርስና ጊርና ናብ መዋዕልና ንኺድ!- እቲ ዝተረፈ. መድረኻት ካብ መጽሓፍቲ መልእዎ" ክብል ጉዳም መግለጺ. ሂቡና ኣፋነወና። ድሕሪ እዛ ዕለት እዚኣ፡ ንሓደ ናብ ቀንዲ. ጉዳይ ክኣቱ ዝኑብኣ ንድሕሪት ተመጢጡ ኣብ መእተዊ ግዜ ዝጥፍእ ሰብ፡ "በጃኻ ኢልናካ ካብ ሓማውያን ሰማውያን ኣይትጀምሮ" ክንብል ጀሚርና።

**ግርማይ ወልደሃይርስ(ማኪና)**
**ሚ/ቱሪዝም**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ትብለጽ ሃብተ ምስገኑ፡ ብዓል ቤተይ ተወልደብርሃን በራኺ ጉብረ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን2/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ለተንገስ ወልዳይ ጉብረክርስቶስ፡ ብዓል ቤተይ ዓብደላ መሓመድዓሊ ስለዝዓረፈ፡ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን6/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 9 መጋቢያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

መ/ወሃቢት ቁ.3 ወ/ሮ ኣልጋሽ ተወልደብርሃን፡ ይግባይ በሃሊት ወረሰት ጥፉእ ተወልደብርሃን ሃብተማርያም ዝኾኑት ለተብርሃን ተወልደብርሃን ሃብተማርያም፡ ንመልሲ ወሃብቲ 1.ወ/ሮ ንግስቲ ተወልደብርሃን ሃብተማርያም 2.ወ/ሮገነት ተወልደብርሃንሃብተማርያምን 3.ወ/ሮ ሮማ ተወልደብርሃን ሃብተማርያም ንሕሽላዊ ጉዳይ ዝምልከት ይግባይ ኣላ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን9/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋቢያ ቅረቡ፡ እንተዘይቀሪብክን፡ ጉዳይክን ኣብ ዘየለኽናሉ ክረኣ ምኳኑ ንፈልጥ፡፡

ሰሚራ ቴድሮስ ጉብረሚካኤል ምባል ተረፉ፡ ሰሚራ ቴድሮስ ጊላሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን2/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 9 መጋቢያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ሃና ተስፋይ ወልዱ፡ ተኸሳሲ ዳኒኤል ኣፈወርቂ ወልዱ፡ ንሽቨል ዝምልከት ክሲ ቀሪብልካ ስለዘሎ፡ ን9/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረኣ ምኳኑ ንፈልጥ፡፡

ኣብ መንጎ ከሳሲት ወረ/ኩ ዳኒኤል ኪዳነ ሃብቱ፡ ወ/ት/ ሳምራዊት ዳኒኤል ኪዳነ፡ ተኸሰስቲ ኣቶ ወረ/ኩ/ ዳኒኤል ኪዳነ ሃብቱ፡ 1.ዮርዳኖስ ዳኒኤል ኪዳነ +6 ዘሎ ናይ ምቅሊት ውርሲ ጉዳይ፡ ተኸሰስቲ 2.ወ/ሮ ሳሊም ዳኒኤል ኪዳነ 3.ወ/ሮ ሪም ዳኒኤል ኪዳነ 4.ኣቶ ኣሰርም ዳኒኤል ኪዳነ 5.ወ/ት ሚካል ዳኒኤል ኪዳነ 6.ወ/ት ያስሚን ዳኒኤል ኪዳነ 7.ኣቶ ማትዮስ ዳኒኤል ኪዳነ፡ ንጹር ኣድራሻኹም ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን2/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 9 መጋቢያ ቁ.32 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረኣ ምኳኑ ንፈልጥ፡፡

ሳይሞን ሓጎስ በሺር ምባል ተረፉ፡ ሳይሞን ሓጎስ መሓመድበሽር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን2/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 9 መጋቢያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣዜብ ስዩም ደረሰ፡ ብዓል ቤተይ መሓሪ ወልደሩፋኤል ጉብረስላሴ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ጓሉ ድማ ወረሰት ምኳና ይረጋገጸላ ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን30/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 9 መጋቢያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ኣብ መንጎ ከሳሲ ሃብቱ፡ ሃጎስ ካሳን ተኸሰስቲ ወረ/ኩ ኣሰፋው ኣብርሃ ባህታን ወረ/ኩ/በየሽ ጉብረ ወልደሚካኤልን ዝኾኑ 1.ልኡል ኣሰፋው ኣብርሃ +9 ዘሎ ናይ ስም ምትሕልላፍ መዝገብ ተኸፊቱ ስለዘሎ፡ ተኸሰስቲ 1.ፍረወይኒ ኣሰፋው ኣብርሃ 2.ብርሃነ ኣሰፋው ኣብርሃ 3.ዝማም ኣሰፋው ኣብርሃ 4.ኣስመረት ኣሰፋው ኣብርሃ 5. መድሃኒት ኣሰፋው ኣብርሃ 6.ኣበባ ኣሰፋው ኣብርሃ 7.ወረ/ኩ/ ኣስመሮም ኣሰፋው ኣብርሃ 1.ሚልኪያስ ኣስመሮም ኣሰፋው 2.ሰረክ ኣስመሮም ኣሰፋው ኣድራሻኹም ስለዘይተፈልጠ፣ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን9/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረኣ ምኳኑ ንፈልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ሰላም ኪዳኑ፡ ብዓል ቤተይ የናስ ኣብርሃ ደሞዝ ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን8/1/26 ኣብ 8ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

ትምኒት ወልዱ ሃረገኣብ፡ ኣቦይ ወልዱ ሃረገኣብ ጉብረኪዳን ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ጥራይ ወረሰት ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን30/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

ሙብርሂት በርሀ ኣሰፋዉ፡ ብዓል ቤተይ ፍስሃ ተፈሪ ደበሳይ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን7/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5 መጋቕያ ይቕረብ፡፡

ተስፋጋብር ማሰፍን ዓንደጼን፡ ኣቦይ ማሰፍን ዓንደጼን ተወልደብርሃን ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን8/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

ቶማስ ከርስ ኣብርሃ፡ ስም ኣደይ ፋኑስ ስልጣን ሓጎስ ምባል ተረፉ፡ ፋኑስ ስልጠነ ሓጎስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን9/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሮግኣት ረዘ፡ ብዓል ቤተይ ነፍ/ ብርሃነ ሃብተማርያም ክፍሉ ንዓይ ምስ 9 ደቅናን ዝገበረልና ለዋ ጸዲቑ ናብ ስምና ይመሓለለፈልና ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን6/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ሰናይት ሓድጉ ፋኒኤል፡ ተጸዋዒት ወረ/ኩ ፍስሓጽየን ፋኒኤል ወ/ሮ ልድያ ፍስሓጽየን ፋኒኤል ኣድራሻኺ ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን12/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋቢያ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረኣ ምኳኑ ንፈልጥ፡፡

ኣቶ ኤልያስ ጉብረማርያም ሕድሩ፡ ብዓልቲ ቤተይ ሂወት ቀላቲ መንገሻ ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን6/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

ሸዊት መንግስተኣብ ዓንደብርሃን፡ ኣደይ ዘውዲ ባይራኣብሮት ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወረሰት ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን20/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

ተኽለ ሃብተጽዮን ሰንጋል ምባል ተረፉ፡ ተኽሉ ሃብተጽዮን ሰንጋል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን15/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

ድራር ኣሰፋሃ ጉብረ፡ ብዓልቲ ቤተይ መም/ ለተጉብርኤል ክንፈ ብርሃነ ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን20/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 7 መጋቢያ ይቕረብ፡፡

ወይኒ በርሀ ሃብተማርያም፡ ኣቦይ በርሀ ሃብተማርያም ተስፋይ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን22/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

ሩታ ተስፋልደት ግርማይ ምባል ተረፉ፡ ልዊሳ ተስፋልደት ግርማይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን16/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

መንግስቱ ኣረፋይነ፡ ብዓልቲ ቤተይ ምብራቕ ቅዱስ ስብሃቱ ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን7/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 8 መጋቢያ ይቕረብ፡፡

ዳኒኤል ተስፋማርያም ሓድጉ፡ ሰላም ኣብርሃ ኣብጋዘ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወረሲ ናይ ኣደይ ምኳነይ ከምኡ'ውን ንኣደይ ብምትካእ ምስ 2 ሓትኖታተይ ናይ ኣቦሓጎይ ኣብርሃ ተክኤ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን30/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

ኣቶ መድሃኔ ሃብቶም ተወልዴ፡ ዓብዩና ንጽህቲ ሞገዚ ወልደሚካኤል ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ደቂ ደቃ ንዓብዩናን 1ኣሞናን ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን14/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ሰምረት ተዓገስ ሃይሉ፡ ተጸዋዒት ሳምራዊት ሮኽረጼን፡ ናይ ገዝዙብ ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን22/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረኣ ምኳኑ ንፈልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ሩፋኤል ኣብርሃ ታደሰ ምባል ተረፉ፡ ሉቲና ኣብርሃ ታደሰ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን5/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ወይኒ ረዳኢ፡ ኣደይ ብርሃን ይትባረኽ ጉብረ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን5/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ህያብ ሰለሙን ተኸሽመ፡ ኣደይ ወ/ሮ ሳባ ተኽለኣብ ስለዝተሰወኣት፡ ኣነ ሕጋዊት ወረሰት ምኳነይ ይረጋገጸለይ፡ ኣቦይ ሰለሙን ተኸሽመ ድማ ናይ መጻምዲ ማሰሉ ይተሓለወሉ፡ ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን5/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ መርሃዊ ወልደትንሳኤ ፍስሃ ምባል ተረፉ፡ መርሃዊ ወልደትንሳኤ ፍስሃዮ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን5/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ያፌት በረኸት፡ በርሀ በረኸት፡ ኣቦና በረኸት ረእሱ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 4 ሀሉዋት ኣሕዋተይ 1 መዋቲ 4 ተተካእቲ ደቁ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን5/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሞካ ሓ.ዝ.ብ.ማ በዞም ዝስዕቡ ኤርትራውያን ዜጋታት ከም ዝተመስረተ ንህዝቢ ተፍልጥ፡

| ሀ ስም ደቂ ማሕበር | | ኣድራሻ | ብዝሒ ዘውንንዎ ብርኪ |
|---|---|---|---|
| 1. | ፋሲል ኣለምሰገድ እዮኣስ | ኣስመራ | 50 |
| 2. | ፍርቱና ኣለምሰገድ እዮኣስ | ስዊዘርላንድ | 100 |
| 3. | ቴድሮስ ኣለምሰገድ እዮኣስ | ለንደን | 50 |
| 4. | ሃና ኣለምሰገድ እዮኣስ | ጀርመን | 50 |
| 5. | የናስ ኣለምሰገድ እዮኣስ | ለንደን | 50 |

ለ ዋና በት ጽሕፈት ማሕበር ኣስመራ

ሐ ዕላማ ማሕበር፦

1. ኣብ ሆቴል፡ ቤት መግቢ፡ ቤት ማስተን፡ ማዘናግዒ፡ መናፈሻን መጻወቲን ምድላው ብምቅራብን ምውዳብን፡ ንግዳዊ ንጥፈት ምኪያድ፡
2. ኣብ ናይ ቱሪዝም ኢንዱስትሪ ዑደት ምውዳብ፡ ወከል ጉዕዞ ምኪያድን
3. ማሕበር ካብዚ ዕላማታት ከይወጸኣት ምስ ሳልሳይ ኣካል ትወዓዓልን ምስ ካልኦት ንግዳዊ ማሕበራት ብሽርክነት ትሳተፍን፡ ብርኪ ትዕድግ፡

መ. ርእሰማል ማሕበር ናቕፋ 300.000.00 ኣብ 300 ብርኪታት ዝተመቓቐለን፡ ዋጋ ሓደ ብርኪ ናቕፋ 1.000.00 እዩ፡፡

እዚ ርእሰማል ብምሉኡ ብዓይነትን ገንዘብን ተኸፊሉ፡፡

ረ. ዋና ኣካያዲ ስራሕ ኣቶ ፋሲል ኣለምሰገድ እዮኣስ እዩም፡፡
ሰ. እዛ ማሕበር ንዘይተወሰነ ግዜ እያ ተመስሪታ

ሞካ ሓ.ዝ.ብ.ማ

ወ/ሮ ሓዋ መሓመድሰዒድ ዓብደላ፡ ዝተፈቕደለን ናይ መሸጣ ሃለኽቲ ኣቕሑ ንግዳዊ ትካለን፡ 'ኣይሩረ ሚኒማርኬት' (AYRURE MINIMARKET) ተባሂሉ ክሰየመለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዘቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዘቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከም ዝምዝገብ ንፈልጥ፡፡

ክፍሊ ወሽጣዊ ንግዲ

ኣነ ሓመድ መሓመድኖር ዐመር፡ ኣብ ከተማ ከረን ከባቢ 06 ዝርከብ ኣብ ዞን 01 ዚፕ ኮድ 6K1374 ፕሎት ብሎክ 25 ፓርሰል POP 25 ስፍሓት 120.00 ት/ሜትር ዝኾነ 1ይ ክፍሊ ሳሎን 1ክፍሊ ክሽነን 1 ዓይኒምድርን 1 መኻዝን መካበብያ ብቤት ጽሕፈት ካዳስተር መለለዪ ቁጽሪ ንብረት 6BRKRN001156 ዝተመዝገበ፡ ብመሸጣ ካብ ዓሊሸክ ኢብራሂም ማሕሙድ ዝተዓደገ ኮይኑ፣ ናብ ስመይ ከመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘአዝዞ መሰረት ናብ ቤ/ጽ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓኢታ ውሳኔ ሒዙ ናብ ጨ/ቤ/ጽ ካዳስተር ዞባ ዓንሰባ ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ኦርጅናል ሰነዳት ኣቕሪበ ክፍጸም ምኳነይ እሕብር፡፡

ሓመድ መሓመድኖር ዐመር

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ፋኑስ ጸጋይ ሽሻይ፥ ብዓል ቤተይ ሽሻይ ኣብርሃ ስለዝተሰወአ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 3 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ግደይ ሃብተ ዘሞ፡ ኣደይ ወ/ሮ ኣስገደት ሃደለ ካሕሰ፥ ብዕለት 05/01/2012 ዓ.ም ብቑ.መዝገብ 4/2012 ኣብ ቀድሚ ቤት ፍርዲ ረጀስትራርን መሸጋገርን ዝተገበረለይ ወህብቶ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ናብ ስመይ ክመሓላለፈለይ ክጸድቀለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ትንሳኤ ተወልደብርሃን 2.ኣለም ተወልደብርሃን 3.ኣብባ ተወልደብርሃን 4.ንግስቲ ተወልደብርሃን፥ ኣቦና ኍፉ/ ሄር ሻምባል ተወልደብርሃን ዑቕቡ ኣብ መንደፈራ ሰርቨስ ተራ ገዛ ምስክር ወረቐት 400554 መወከሲ. ቁ/400122 4 ክፍሊ. ገዛ ዝሓዘ ብስሞ ዝዘሰ ይጽድቀልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

የዋና ሃብቶም መብራህቱ ምባል ተሪፉ፥ ፊሽን ሃብቶም መብራህቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣልማዝ ወልደኢየሱስ ወለድና ወልደኢየሱስ ገብረኪዳንን ሰንበቱ ገብረመሲን ስለዝሞረፉ፥ 7 ደቆም ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣብ ተስፋማርያም የሴፍ ማዚያስ ምባል ተሪፉ፥ ኣብ ዳኒኤል የሴፍ ማዚያስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ኣብርሃም በርሀ ዘወልዱ፥ ኣዴና ታብቱ እምኑቱ ኤርምያስ ስለዝሞረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሰለሀም የውሃንስ ብርሃ፥ ኣደይ ወ/ሮ ፍዮሪ ሓደሽ ረዳ ስለዝሞረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወረሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣለን ኪዳ ማሻሻ፡ ኣደይ ወ/ሮ ኤልሳ ገብረክርስቶስ ገብረማርያም ስለዝሞረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወረሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ተወልደብርሃን እንድርያስ ወልዱ ምባል ተሪፉ፥ ተወልደ እንድርያስ ወልዱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ክብራ ተስፋማርያም ፍስሃጼን ወዲ ወደይ ሰለሙን ተኽለ ተከኤ ስለዝሞረፈ፥ ኣነ ወረሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ወ/ሮ ርግኣት ፍሻለ ጸጋዮ ምባል ተሪፉ፥ ፅምባብ ፍሻለ ጸጋዮ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ተኽለማርያም ኪዳ በርሀ፥ ብዓልተ ቤተይ ውዳሰ መንግስታኣብ ነጋሲ ስለዝሞረፈት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ወ/ሮ ጸሃይቱ በርሀ ወ/ስላሴ፥ ኣቦይ በርሀ ወ/ስላሴ ስለዝሞረፈ፥ ኣነ ምስ 1 መዋቲ ሓወይ ተተካኢት 1 ጓሉ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መሲ ክፍለ ምባል ተሪፉ፥ መሲ ክፍላይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሓገስ ረዘ ወልደገርግስ፥ ኣቦይ ረዘ ወልደገርግስ ስለዝሞረፈ፥ ንብዓልቲ ቤቱ ምሕረት ገ/ስላሴ መገስ ናይ መጸምዲ ማሰላ ይተሓለወ፥ ኣነ ድማ በይነይ ወረሲ. ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ተኽለማርያም ፍስሃዩ፡ ኣደይ ሓረጉ ምስገን ወልዱ ስለዝሞረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወረሲ. ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ሳራ መሓሪ ብርሃ፥ ኣቦይ መሓሪ ብርሃ ሳሻኤልን ኣደይ ኣዝመራ የማነ ሃጎስን ስለዝሞረፉ፥ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ሃብቶም ኣነ ምስ 1ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ኑብያት ረዘ በራኺ፥ ኣቦና ረዘ በራኺ. ብሩ ስለዝሞረፈ፥ ንኣደይ ዛይድ ካሳ ጠዓመ ናይ መጸምዲ ማሰላ ይተሓለወ፥ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ድማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ራሀዋ ተስፋማርያም ገብረሚካኤል፥ ኣደይ ሂወት ገብረትንሳኤ ፍስሓ፥ ብዕለት 13/06/2023 ዓ/ም ብቃለ ኑዛዜ ዝሃደፈትለይ ክጸድቀለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሳባ መሓሪ፥ ብዓል ቤተይ ኣላዩ ክሱተ ጎይለ ስለዝተሰወአ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 4 ደቁ ድማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ካሕሰ ጸጋይ ጉልበት፡ ስም ወደይ ሄርሞን ይትባረኽ ሰዩም ምባል ተሪፉ፥ መትከል ይትባረኽ ሰዩም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጾሮና

ሞኣዝዚ ተኽለማርያምን ሓገሻ የማነ ማዮሹ ጓልና ፊሽን ሞኣዝዚ ተኽለማርያም ስለዝሞረፈት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መቐርካ

ርበል የዕበዮ ገብረእግዚኣብሄር ምባል ተሪፉ፥ ቢንያም የዕበዮ ገብረእግዚኣብሄር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዘቢብ ክብረቅዱሳን ኪዳ፥ ኣቦይ ክብረቅዱሳን ኪዳ ዘርኢሃማርያት ስለዝተሰወአ፥ ንኣዴና ወ/ሮ ኣሙተይ ማሻሾ ናይ መጸምዲ ማሰላ ይተሓለወ፥ 13 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

መሓመድ እድሪስ ጃብር፡ ስም ት/ ዕድመ ደቀይ 1.ኣሕመድ ሓምድ እድሪስ 2.ፋጥና እድሪስ ምባል ተሪፉ፥ ኣሕመድ መሓመድ እድሪስ ጃብር 2.ፋጥና መሓመድ እድሪስ ጃብር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ. እድሪስ ኢብራሂም፡ ተጸዋዒ. ሓሰን ኢብራሂም ዳውድ፡ ናይ ቤት ፍርዲ. ቆጸራ ስለ ዘለካ፡ ን5/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዒላ በርዒድ

ወ/ሮ ሳሊም ግደ ዘርኣሃይማኖት፡ ብዓል ቤተይ ኣቶ ምናስ ተኽለሰንበት፡ 30 ዓመት ደሃይ ስለዘይብሉ፥ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ቃልኪዳን ክውርደለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሂወት ኣማኒኤል ዘርኣይ ምባል ተሪፉ፥ ሰኳና ኣማኒኤል ዘርኣይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

በረኸት ቀለታ ክፍለማርያም ምባል ተሪፉ፥ በረኸት ቀለታ ክፍለሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ከሳሲት ለድያ ተስፋስላሴ ተኽሉብርሃን፥ ተኸሳሲ. ኣብርሃም ኪዳ ገብረመድህን፥ ናይ ሓዳር ክሲ. ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብህጋዊ ወኪል ን15/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ወ/ሮ ኣኘስ ሰለም ባህልቢ. ምባል ተሪፉ፥ ኣኘዳስ ሰለም ባህልቢ. ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 12/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ኣለምሰገድ ገብረሚካኤል መርእድ፡ ኣደይ ወ/ሮ ወዪ. ገብረመድህን ሃብቱ፥ ብሰኽ. ዕድመ ምድፋእ ናይ ኣእምሮ ጸገም ስለ ዘበረት፡ ዘይብቑዕቲ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ሚሪ ተኽሉ ተምዓዎ፡ ተኸሳሲ. ኣቶ ክሱተ ምሳዮና ሓድጉ፡ ናይ ምምሕዳር ክርክር ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን12/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓልሓል

መሓመድ ሓምድ ዒሊ. ምባል ተሪፉ፥ መሓመድሓምድ ዒሊ. መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ነጃት ሓምድ መሓመድ፡ ተጸዋዒ. ኣቦ ጓለይ ዓብድለጢፍ እድሪስ ዐሶማን፥ ጓለይ ስወይባ ዓብድለጢፍ እድሪስ ዐሶማን፥ ኣቦኣ ደሃይ ስለ ዘይብሉ፥ ኣድራሻኡ ስለዘይተፈልጠ፥ ምምሕዳራት ክወሃበኒ. ስለ ዝበለት፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን5/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡፡

ብርኽቲ ተወልደብርሃን ተኽለሚካኤል፥ ተጸዋዒ. ብዓል ቤተይ ፊልሞን ተኽለሰንበት ገብረሂወት፡ ካብ 2022 ደጊዩ ስለ ዘይብለይ፥ ብገዚጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዋዒ ፍትሕ ክፍጸመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡፡

ሳዓድያ ሼክ መ/ድ ምባል ተሪፉ፥ ሓዳስ ዞርደስ ገርንሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ዓወት ሳልሕ ሙሳ፥ ኣደይ ግደይ ኣስመላሽ ትትኮ ስለዝሞረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ዩዲት ተወልደብርሃን ተስፋሚካኤል ምባል ተሪፉ፥ ድልየት ተወልደብርሃን ተስፋሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ወ/ሮ ፊረጃ ኢብራሂም ሐመድ ምባል ተሪፉ፥ ፍርደስ ኢብራሂም ሐመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ብስም መድሃኔ ፍቕረ ሓድጉ ዝተመዝገበ፥ ብቑ.ፍ.ዋጊን ASL00043014 ዝኾነ፥ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጎዳይፍ ጎደና ተጋደልቲ ቁ.ገዛ – ዝርከብ ናይ መሸጢን መዐረይን ኤለትሮኒክ ኣቕሓትን ምብዛሕን ምሻጥ ካሴትን ሰደን ትካለይ፥ ንኣቶ ኪዳ ኩሓሰ ደስታ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጎዳይፍ ጎደና 714-7 ቁ.ገዛ 32 ካብ ዕለት 01/04/2025 ክሳብ ዕለት 31/12/2026 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፥ እዚ. ምልክታ እዚ. ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ. ሰላሳ መዓልቲ፥ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ. ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፥ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቐጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ፡፡

መድሃኔ ፍቕረ ሓድጉ
ሕጋዊ ወኪል ቦኽሪ ሃብታይ ደበሳይ

ብስም ቤቲኤል ኣርኣያ ሓድጉ ዝተመዝገበ፥ ብቑ.ፍ.ዋጊን ASL00043527 ዝኾነ፥ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና ጊንዳዕ ቁ.ገዛ 16 ዝርከብ ናይ መሕደርን መሕጸብን መኪይን ትካለይ፥ ንኣቶ ዊንታ ገብረእግዚኣብሄር ብርሃ፥ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማይ ጫሆት ጎደና ባሕሪ ባራ ቁ.ገዛ 106 ካብ ዕለት 01/06/2025 ክሳብ ዕለት 31/05/2028 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፥ እዚ. ምልክታ እዚ. ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ. ሰላሳ መዓልቲ፥ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ. ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፥ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቐጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ፡፡

ቤቲኤል ኣርኣያ ሓድጉ

ሓዳስ ኤርትራ
ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት መለስ

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

1. **Position: Underground Operations Superintendent**

**Department: Processing and Underground Operations**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- Set up Asheli underground transition from project to operation stage and assist the Underground Operations Manager to manage all activities relating to underground mining operations to achieve targeted/scheduled production within budget and in compliance with Government and Domestic Mining regulation.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- Operations and Management
- Administrations
- Budgeting
- Risk & Safety
- Report Writing

**Unique requirements/other information**

- The incumbent must have the experience in setting up greenfield Underground operation and can plan/execute underground project to operation stage.
- The candidate must be Physically and Medically fit.

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| o Degree in Mining Engineering<br>o Further qualification in Finance/Business Management would be an advantage | o Minimum of 15 years' experience in the mining industry.<br>o 10+ years working experience in hard rock underground mining<br>o 5+ years working on green field projects/set-up mining operations is essential.<br>o Experience in zinc or other base metal mining is essential.<br>o International experience is desirable particularly in Africa.<br>o Mine overseer certificate of competence / all operations blasting license<br>o Mine Rescue operations certificate<br>o First Aid certificate |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| o Computer Literacy (MS Office – Intermediate, Excel – Advanced; MS project – Advanced).<br>o Strategic planning, Project planning, Budgeting, Plan, organise, and execution, Risk management and assessment, Analytical and Problem solving, Decision making, Technical Report writing, Attention to details, Valid driving license | o Excellent Communication (English)<br>o Ability to work in multi-disciplinary environment.<br>o Ability to conduct Engineering matters to various levels.<br>o Interpersonal skills.<br>o Ability to work under pressure and achieve project milestones.<br>o Excellent leadership skills. |

**Position: Senior Sectional Surveyor**

**Department: Processing and Underground Operations**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- To supervise the carrying out of survey duties on surface and underground at defined locations
- To provide survey services in a defined section of the mine.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- Safety
- Provision of timely survey services
- Development of subordinates
- Observation of statutory and departmental requirements
- Provision of Survey data(sketches)
- Company cost (ensuring good mining)
- Sectional cost Control
- Health, Safety and Environment
- Additional Duties

**Unique requirements/other information**

- Candidate must be physically and medically fit.

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| o Degree or Diploma in Surveying.<br>o Specialized training in underground mining design layouts and planning techniques-added advantage.<br>o Exposure to emerging survey technologies, including digital mapping, LiDAR | o Must have vast knowledge about surveying.<br>o 7 years working experience in underground hard rock mining<br>o Knowledge of interpreting plan, design, schedule, control, and direct workloads involving surveying and design layouts of underground mine.<br>o Proven ability to introduce and implement modern surveying methods in underground mining.<br>o Experience in managing survey databases, digital models, and integration with mine planning software (Deswik) |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| o Proficiency in modern underground survey equipment, including digital total stations, laser scanning, and related data processing tools<br>o Strong knowledge of 3D mine design integration, survey control networks, and reconciliation reporting<br>o Ability to evaluate and recommend survey technology upgrades to improve accuracy and efficiency.<br>o Computer Literacy<br>o Conversant with Microsoft Office Suite (Outlook, Excel, Word, Microsoft Project, and Power Point).<br>o Ability to operate computers with Deswik software<br>o Plan, organise, and execution.<br>o Risk management and assessment.<br>o Analytical and Problem solving.<br>o Technical Report writing. | o Good oral and written communication skills<br>o Ability to work in multi-disciplinary environment.<br>o Ability to conduct Engineering matters to various levels.<br>o Ability to work under pressure and achieve project milestones.<br>o Self-starter, drive, and enthusiasm<br>o Passion for accuracy and perfection in delivery<br>o Excellent leadership skills. |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work: Bisha.**
- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272**
   **Asmara, Eritrea**

# ምልክታት

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea
Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

## .VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

### 1. Position: HME Boilermaker

**Department: Mining**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- To execute all general "Boilermaker / Welding / Fabrication" work/ repairs on HME within BMSC safe work policies at acceptable quality.

**Essential functions:**

- HME boilermaker fundamental duties include general inspections and repairing structural issues on various HME such as dump trucks, excavators, loaders etc.
- Responsible for welding, cutting, and shaping metal parts to ensure the machinery operates efficiently and safely.
- Performs regular inspections, preventive maintenance, and emergency repairs to minimize downtime and ensure compliance with safety standards. This role demands a deep understanding of mining equipment, welding techniques, and the ability to work in challenging environments.
- Responsible for selecting the correct grade of metal and welding wires for the correct application.
- Drafting of various reports.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- Planning
- Implementation of the Plan
- Report Writing & Data control
- Manage the operations teams

**Unique requirements/other information**

- Candidate must be physically and medically fit.

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| o Formal Trade Certificate for Boilermaker / welding<br>o Technical School Certificate<br>o Must be a holder of a drivers license | o Minimum 5 years' experience in Heavy Mining Equipment (HME) welding maintenance with heavy metals.<br>o Experience in Line Boring machines and auto welder will be advantageous.<br>o Minimum 5 years' experience on open pit mine sites.<br>o GET Applications and management will be advantageous. |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| o Mining HME Boilermaker & Welding Experienced<br>o Proficiency in various welding techniques (MIG, TIG, stick welding)<br>o Competent in heavy metal welding procedures (Preheating etc.)<br>o Proficiency in various cutting methods (oxy-acetylene, plasma cutting, Air Carbon)<br>o Line boring experience is compulsory<br>o Competent in the reading of construction drawings<br>o Computer Literacy (MS Office – Intermediate)<br>o Problem solving skill<br>o Attention to detail | o Communication (English)<br>o Integrity<br>o Prioritizing skills & multi-skilling<br>o Ability to work towards strict deadlines<br>o High level of accuracy<br>o Self-motivation<br>o Must be a team player<br>o Must be able to share knowledge and skills with the national workforce. |

**2. General Information and other requirements:**

- **Place of Work:** **Bisha.**
- **Salary:** **As per Company salary scale.**
- **Type of Contract:** **Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**

**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**

**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272**
   **Asmara, Eritrea**

## ምልክታ ጨረታ

ሆቴል ኣስመራ ፓላስ ኣርባዕተ ሓደስቲ ኤለቨተራት (Guest Elevator) ከምኡ'ውን ሓንቲ ኖርር ኤለቨተር (staff Elevator) ስሩዕ ኣገልግሎት ኣድላዩ ጽገናን (planned and Repairing Maintenance service) ንሓደ ዓመት ዝህብ ትካል ኣወዳዲሩ ውዕል ጽገናን ኣገልግሎትን (Service) ንኽገብር ይዕድም።

ተወዳደርቲ ትካላት ከማልእዎ ዘለዎም ቅጥዕታት

1.ተወዳዳሪ ትካል ሕጋዊ ምዝገባ ምስክር ወረቐት ኮንትራክተር ካብ ሚኒስትሪ ህንጻ ናይ 2024 ዝተሓደሰ ምስክር ወረቐት ከምኡ'ውን ዝ.ዝሕተት ዘሎ ስራሕ ኣገልግሎት ትካሉ ብሕጊ ዝተፈቐደሉ ምስክር ወረቐት ዝውንን ብቅዳሕ ኮፒ የቕርብ።
2. ተወዳዳሪ ትካል ሕጋዊ ፍቓድ ንግዲ ናይ 2024 ግብሪ ዝኸፈለሉ፣ ክሊራንስ ናይ 2024 ኮፒ የቕርብ።
3. ተወዳዳሪ ትካል ፋይናንሳዊ ዓቕሙ ሰቡን ከምኡ'ውን ኣገልግሎት ናይ ምሃብ ብቕዓት ሕሉፍ ናይ ታሪኽ ስራሕ (Company profile) ኣብ እዋኑ ናይ ምትግባር ተኽእሎን ብቕዓትን ካልእን ከረጋግጹ ዝኽእሉ ሰነዳት የቕርብ።
4. ተወዳዳሪ ትካል ዝ.ተሓቲቱ ዘሎ ኣገልግሎት ስራሕ ብግቡእ ንክማልእን ኣብ እዋኑ ህጹጽ ጻውዒት ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ንክርከብ ብቑዕ ውልቃዊ መጉዓዝያ ትካሉ ከምዘውንን ሰነድ የቕርብ።
5.ተወዳዳሪ ትካል ናይ ጨረታ ሰነድ ዘይምለስ 50.00 (ሓምሳ ናቕፋ) ብምኽፋል ካብ ምልክታ ዝወጸሉ ዕለት ሓደ መዓልቲ ካብ ምምሕዳር ሆቴል ኣስመራ ፓላስ ክወስድ ኢኽእል።
6.ተወዳዳሪ ትካል ጨረታ ንምስታፍ ድሕሪ ጨረታ ምፍጻም ዝምለስ መኽበሪ ጨረታ 10,000.00 (ዓሰርተ ሽሕ ናቕፋ) ኣብ ክፍሊ ፋይናንስ ሆቴል ብጥረ ገንዘብ ወይ ብቸክ የትሕዝ።
7. ዕወት ተወዳዳሪ ትካል 5% ካብ ዋጋ ዝተዓወተሉ ንጽፋፍ ኣተገባብራ ናይቲ ውዕል ማለት ኣብ መስርሕ ምሃብ ኣገልግሎት ንዘጋጥም ጸገም (performance guaranty) ብቸክ ወይ ከኣ ብ cpo ትሕጃ የትሕዝ።
8. ተወዳደርቲ ትካላት፣ ናይ ጨረታ ወረቓቕቶም ብመሰረት ተዳልዩ ዘሎ ናይ ጨረታ ሰነድ መሊኦም ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 5 ተኸታተልቲ መዓልታት ኣብ ቤ/ጽ ምምሕዳር ሆቴል ኣስመራ ፓላስ፣ ብኣካል፣ ዝተዓሸገ ፖስታ ብናይ ትካሎም ሕጋዊ ማሕተም ኣሰጺሮም ከቕርቡ ይኽእሉ።
9. ጨረታ፣ ተወዳደርቲ ወይ ሕጋዊ ወኪሎም ኣብ ዝተረኽቡሉ ካብ ምልክታ ዝወጸሉ እዋን ዕለት ኣብ መበል 6 መዓልቲ ብጆካ ሰንበት፣ ኣብ ቤ/ጽ ምምሕዳር ሆቴል ኣስመራ ፓላስ ሰዓት 3፡00 ድ.ቀ ኣብ ቅድሚ ተወዳደርቲ ይኽፈት። ዝኾነ ለውጢ ናይ ግዜ ምስ ዘጋጥም ንተወዳደርቲ ብተሌፎን ብምድዋል ሆቴልና ይሕብር።
10. ተወሳኺ መብርሂ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ምስ ዝደሊ ቅድሚ ምኽፋት ጨረታ ዘሎ ግዜ ኣብ ቤ/ጽ ምምሕዳር ሆቴል ኣስመራ ፓላስ ወይ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ምውካስ ይከኣል።
11. ሆቴል ኣስመራ ፓላስ ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉኡ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ምምሕዳር ሆቴል ኣስመራ ፓላስ
ኣድራሻ ጎደና ዋርሳይ
p.box;5455
ቴሌ.153700

# ቃለ- መሕትት

ኣብርሃም ዘርኣ (ወዲ -ሃለቃ)

## “ቋንቋ ዓረብ፡ ኣብ ዓለም ኣገዳስነቱ ልዑል ስለዝኾነ፡ ክንፈልጦ ይግባእ” መም/ ኣሕመድ ዑመር ሸኽ

ክቡራት ኣንበብቲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፥ ኣብ ትሕቲ ጽላል ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ ዝቘመ ቤት ትምህርቲ ቋንቋ ዓረብ፡ ንሰራሕተኛታት መንግስቲ ሃገርና ናይ ቋንቋ ክእለቶም ክዕብ ንምግባል ዝዓበየ ዘሎ ንጥፈታት ምምሃርን ምስትምሃርን ኣመልኪትና ምስ መስራትን ዳይረክተርን ናይቲ ቤት ትምህርቲ መምህር ኣሕመድ ዑመር ሸኽ ዘገበርናዮ ቃለ-መሕተት 2ይን ናይ መወዳእታን ክፋሉ ይስዕብ።

**ሕቶ - ኣብ'ዚ ምምሃርን ምስትምሃርን፡ ክሉብ ቋንቋ ዓረብ ዝበሃል መደብ ከም ዘሎ'ውን ሰሚዐ ኣለኹ። ዕላማ ናይዚ ክሉብ እንታይ እዩ፧**



ክሉብ ቋንቋ ዓረብ ኑቲ ምምሃርን ምስትምሃርን ሓጋዚ መታን ክኸውን ኢና ማስራትናዮ። ኣብ'ቲ ምህሮ፡ ናትና ናይ ምዝንጋዕ መደባት ኣለና። እዮም ተመሃሮ ካብ ዝተፈላለዩ ትካላት መንግስቲ ዝመጽኡ ዋላ ደኣ ይኹኑ እምበር፡ ዳርጋ ከም ሓንቲ መኣዲ ወይ ስድራ እዮም ክበሃል ይከኣል። እቲ ምዝንጋዕን ልምምድን መደባት ድማ፡ ኣካል ናይ'ቲ ትምህርቲ እዩ። እቲ ማሕበራዊ ወህደትን ምዝንጋዓትን'ውን ጽቡቕ ፍረ ክንረኽበሉ ክኢልና ኢና። ካብ ዝተፈላለየ ሚኒስትሪታት ዝመጽኡ ብምዃኖም፡ ኣብኡ ተላልዮም ክሳብ መርዓ ዝበጽሑ ተመሃሮ'ውን ኣለዉና። እቲ ኣብ'ቲ ምዝንጋዕ ዝቐርብ ናይተን ክፍልታት ባህላዊ ምርኢታት ድማ፡ ተኣኻኺቡ ብመልክዕ ውድድር ኣብ ኣፍሲ-ወከፍ ዙርያ ንምርኢት ይቐርብ እዩ። ካብኡ ተመምዩ ብምጽራይ ድማ፡ ኣብ መወዳእታ ንመመረቕታ ንምርኢት ይቐርብ። እዚ በቲ ቋንቋ ኣፎም ንምኽፋት ሓጋዚ ስለ ዝኾነ፡ ኣዚና ኢና ንጸቕጠሉ።

**ሕቶ - ኣድማዕነት ናይ'ቲ ክሉብ'ሞ ከመይ ትገልጾ፧ እቲ ኣብኡ ዝቐርብ ትሕዝቶታት'ከ እንታይ እዩ፧**

እቲ ኣብ'ቲ ክሉብ ኣብ ምዝንጋዕ ዝቐርብ ወይ ዘጠቓልሎ ትሕዝቶታት ባህላዊ፡ ማሕበራዊ፡ ታሪኻዊ እዩ። እቲ ኣብኡ ዝቐርብ ድማ፡ ደርፊ፡ ድራማ፡ ዝርርብ፡ ግጥሚ፡ ...ምጥቃስ ይከኣል።

**ሕቶ - ብዛዕባ ቋንቋ ዓረብ ኣብ ኤርትራን ድሕረባይታኡን ዝምልከት መጽናዕታዊ ጽሑፍ ከም ዘቕረብኩም'ውን ይፍለጥ እዩ። ሓፈሻዊ ትሕዝቶኡ እንታይ ዝብል ነይሩ፧ መሓሰ እዩኸ ቀሪቡ፧**

ጽቡቕ ኣለኻ፡ ሓንቲ መጽናዕታዊት ጽሑፍ “ቋንቋ ዓረብ ኣብ ኤርትራ” ትብል ብዶ/ር ሳልሕ ማሕሙድ፡ ዶ/ር የናስ ማሳፍን፡ ሳልሳይ ድማ ሓደ ዓራቓዊ ፕሮፈሰር ቀሪባ እያ። ቀንዲ ትሕዝቶኣ ከኣ፡ ‘ቋንቋ ዓረብ ኣብ ኤርትራ እንታይ ይመስል’ ንምጽናዕ ዝዓለመ እዩ። እዚ ከኣ፡ ብልክዕ ቋንቋ ዓረብ ካብ'ቲ እዋን መምጽኢቲ እናበልና እንጽውዖ ግዜ፡ ድሕረ ባይታኡ ከመይ ይመስል ከም ዝነበረ ዘጣመረ እዩ። እዚ ኣብ መጽሓፍ ስሩዕ ልጠት ናይ ጀርመን ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ተሓቲሙ ወጺኡ ነይሩ። ብዛዕባ እዚ ዝምልከት ከኣ ምስ ዶ/ር ሳልሕ ኣብ ኣደራሽ ዳዕሮ ሃግሙተኡ፡ ሰሚር ኣካይድና ነይርና። ኣብዚ መደብ፡ ብዙሓት ስሙያት ብቛንቋ ዝዓበሉ ጸሓፍቲ ሃገርና'ውን ተሳቲፎም ነይሮም። ርእይቶኦም'ውን ኣኪፈሎም እዮም። እዛ መጽናዕታዊት ጽሑፍ፡ ብወግዒ ተዘርጊሓን ኣፍልጦ ረኺባን እያ። ኣሎ ኣብ ዝበሃል ትካላት መንግስትን ሃገራዊ ሚድያናን ድማ፡ ከምቲ መመረቕታ ናይ መጽሓፍ ዝገበር ብወግዒ ተዘርጊሓን ኣፍልጦ ረኺባን እያ።

**ሕቶ - ኣብ ሃገርና፡ ምሽቲ ብወግዒ ቤት ትምህርቲ ቋንቋ ዓረብ ዘይምጅንሐ፡ ኣብ ህዝቢ ብፍላይ ድማ ኣብ መንእሰያት ተቐባልነቱ ከመይ ረኺብዮ፧**

ከም ሰብ ሓደ ጽቡቕ ዝበልካዮ ትሰርሕ'ሞ፡ ናይ ብሉጽ ዘይትጸበዮ ግብረ-መልስታትን ርእይቶታትን ትረክብ ኢኻ። እቲ ምትብባዕ ኣዝዩ ጽቡቕ እዩ። ኩሉ ሰብ እዩ ዘተባብዓና። ሕጂ ክሳብ 9ይ ዙር በጺሕና ኣለና። ን10ይ ዙር ካብ ቅድሚ ኣዋርሕ ጀሚርና እዩ ዝምዝገቡን ዝዓልዉን። እዚ ሕጂ ሓደ መለክዒ እዩ። ብጠቕላላ ዋሕዚን ድሌትን ናይ ተመሃሮ ኣሎ። ምስቲ ዓቕምና ድሩት ምዃኑ ከኣ ኣብ ሓደ ቦታ ክትምህርም ኣጸጋሚ ስለ ዝኾነ ከም ፍታሕ ኣፍሲ-ወከፍ ሚ/ሪታት ኣብ ቦታኦም ብምኻድ ኑቲ ትምህርቲ ኾኪይዶ ኣለና። እቲ ንድሪ ካራክሎም ናይ ሰለስተ ደረጃታት ተዳልዩ ስለ ዘሎ ብኸምዚ ኣብ ቦታኦም ክመሃርዎ ዘጸግም ኣይኮነን።

**ሕቶ - ኣብ ምምሃር ምስትምሃር ዘጋጥም ጸገማት እንታይ ኣሎ መምህር ኣሕመድ፧**

ከም ዓበይቲ ብደሆታት ኣለና ኢልካ ክትዛረበሉ እትኽእል'ኳ እንተ ዘይኮነ፡ እዞም ተመሃሮ ኣብ ብዙሓት ትካላት መንግስቲ ፋሕ ዝበሉ ስለዝኾኑ'ሞ ኣብ ቦታኦም ከይድና ከኣ ስለ ንምህሮም ኣዝዮም ንኣሹቱ ጸገማት ክህልዉ ንቡር እዩ። ጉዳይ መገዓዝያን ጻዕቂ ክፍልታት ምስ ዋሕዲ'ቶም መምህራን ብምዝማድን ጸገማት ኪጋጥመካ ግድን እዩ። ዝኾም ደቀቕቲ ብደሆታት ግን፡ እናተጣበብካን ምስ ዝምልከቶም ኣካላት መንግስቲ እናተረዳዳእካን ስለ ትሓልፎም በዳህቲ እዮም ኢልካ ክትዛረበሎም ኣይትኽእልን ኢኻ። ንኣብነት፡ እቶም ዝረሓቑ ተመሃሮና ኣብ ቤት ጉርጓሽ ዝርከቡ እዮም። ሳዕለዋይ ኣዚዚ፡ ናይዞም ኣብኡ ዝመሃሩ ዘለዉ ተመሃሮና፡ ማኪና ስለ ዝፈቓደልና ሽግር ዝበሃል የብልናን። በዚ ኣጋጣሚ ከኣ ነመስግኖ።

**ሕቶ - ከም ዳይረክተር፡ ኣቶም ተመሃሮ ዝግበረሎም ክትትል እንታይ ይመስል፧**

ናብ ነፍሲ-ወከፍ ተመሃሮ ናይ'ታ ሚ/ሪ ብኣካል ናብቲ ቦታ ብምኻድ ማስርሕ ናይ'ቲ ምምሃር ምስትምሃር ከመይ ይኸይድ ከም ዘሎ፡ ምስ ተመሃሮ ርክብ የካይድ እየ። ከም ኣብነት፡ ኣብ ቅድሚ ቀትሪ ንሚ/ሪ ሕርሻ እንተ ኸይደ፡ ናይ ምሸት ንሚ/ሪ ፍትሒ እኸዱ። ብኸምዚ ድማ፡ እቲ ከናንፍ ዝኽእል ጸገማትን፡ ክዕቀብ ዘለዎ እወታዊ ሸነኻትን ብመልክዕ ኣኼባ ንዛተየሉ ኢና። ኣብ'ዚ ክሰገር ዘይብሉ ዘለኸገሰ ሃገር ግን ኣሎ፡ እዚ ዕማም ናይ'ዚ ቤት ትምህርቲ ኣብ ከምዚ ደረጃ በጺሑ ክርኢ እንክለኹ የሐጉሰ። ካብ ዓወት ዝዓቢ ሃገር የለን። እዚ ከኣ ዕማምን ዓወትን ናይ ህዝብን ሃገርን እዩ። ሰብ ዓቕሙ እዩ ዝዕብር። ንሕና ድማ ዓቕምና ንኹብር ኣለና። ኣብ መወዳእታ እቲ መዐቀኒ እቲ ወጽኢት ስለ ዝኾነ፡ ከም ሰብ ንሱ እዩ ዘገድሶ። ዓበይትን ንኣሹቱን ሰበት፡ ብሓፈሻ ህዝቢ ብኣካልን ብቴሌፎንን ረኺቦም ከተባብዑኻ እንክለዉ ከኣ፡ ካሕሳ ናይ'ዚ ቤት ትምህርቲ ንሱ ምዃኑ ትርዳእ።

**ሕቶ - ኣብ ምምሃር ምስትምሃር፡ ከም ፍሉይ ትዕዝብቲ ክትጠቕሶ እትኽእል እንተሎ ክትገልጸልና፧**

ምስ እዚ ዘልዓልካዮ ሕቶሲ ሓንቲ ሃገር ዘከረ። ኣብ 1952 ኣብ ፓርላማ ናይ ኤርትራ ዝተኣወጀ ወግዓዊ ቋንቋታትና ዓረብን ትግርኛን ዝብል እዩ ነይሩ። ምናልባት ሽዑ እቲ ሃገራዊ ንቕሓት ኣጸቢቑ ኣይማዕበለን ስለዝነበረ ክኸውን ይኽእል እዩ ኢልካ ኢኻ ትሓልፎ እምበር፡ ከም ሰብ እትቕበሎ ሓሳብ ኣይኮነን። እንታይ ማለት እዩ፡ ርእሲ ኤርትራስ ኣብ ክልተ ክትመቐሎ ማለት እዩ፧ ከምዚ ክኸውን ኣይግባእን እዩ ዝበረ። ርእሲ ኤርትራ ዓረብ ይኽእል፡ ዓፋር ይኽእል ብሓፈሻ ኩሉ ቋንቋታትና። ኩሉ ቋንቋታትና ብማዕረ እዩ ክምዕበል ዘለዎ። እዚ ከኣ፡ መትከል ናይ ህዝባዊ ግንባር ካብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ዝመጽኣን ዝበረን እዩ። ኩሉ ቋንቋታትና ብማዕረ ንኽሳትኖ'ዩ ዝበጽሓና። ንሕና ኤርትራውያን ከኣ፡ በዚ መትከልን እምነትን እዚ ኢና ንጉዓዝ፡ ቀደም መምጽኢቲ ንኸጥዕሞ፡ ንኸይንሰማማዕ፡ ሓድነትናን ሓይልናን ንምድኻም፡ ቋንቋናን ባህልናን ንኽጠፍእ ዝገበሮ ሜላታት ብዙሕ ነይሩ። ንሕና ግን ወጽኢት ንሕናን ዕላማናን ኢና።

**ሕቶ - ኣገዳስነት ትምህርቲ ቋንቋ ዓረብ ብሕጽር ዝበለ እንታይ እዩ፧**

ቋንቋ ዓረብ ከምቶም ትሽዓተ ሃገራዊ ቋንቋ ኣደና ዋላ ኣይኹን፡ ክጽኑ ዘኽይድ ታሪኻውን ባህላውን ድሕረ ባይታ እዩ ዘለዎ። ብዘረ ራሻይዳ ጥራሕ እዮም ከም ቋንቋ ኣደኦም ዝጥቀሙሉ። ብዕብየቱ ድማ፡ ምስ ጂኦግራፍያዊ ኣቀማምጣና ምትእስሳር ኣለዎ። ዓለት ቋንቋ ግእዝ እዩ። ብሕጽር ዝበለ ቋንቋ ግእዝ ክንብል እንከለና ንትግርኛ፡ ትግረ፡ ዓረብ ዘጠመረ እዩ። ክቡር ፕረዚደንት ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት፡ ኣብ ዝዑብሮ መደረታትን ቃለ-መሕተታትን እንተ ደኣ ሰሚዕና፡ ካብ ዓረብ ዝረዓመ ፍሉያት ዝኾኑ ቃላት ይዛረብን የዘውትርን እዩ። ሕጂ ቋንቋ ዓረብ ጽቡቕ ገይሩ ንዝፈልጥ ሰብ፡ ኣብዚ ነዊሕ ዓመታት ብዙሕ ወርቃውያን ቃላት ርኢሙ ኣሎ። ስለምንታይ እንተ ደኣ ኢልና ጀር ናይ ግእዝ ስለ ዝኾነ፡ ንሓድሕዱ እቲ ቋንቋታት እናተለቃቐሐ ስለ ዝኸይድ እዩ። እቲ ካልእ ቋንቋታት እውን ርሑቕ ኣይኮነን። ብዙሕ ናይ ዓረብ ቃላት ትሰምዓሉ ኢኻ። በዚ እዩ ድማ ዕዙዝ ቋንቋ ዝዑብሮ። እዚ ዘመላኸተና እንተ ደኣ ሃልዩ ከኣ ዋናታት ናይ ኑብስና ንኽንኽእሎ ይሕግዘና። ስለምንታይ፡ ሓደ ካብ ቃሩራ ዝመጽኣ ዜጋ ደዩ ካብ ዓዲ ዓረብ መጺኡ ኣብ ኢሚግሬሽን፡ ኣየር ፖርት፡ ሚ/ሪ ጥዕና ደዩ ካልእ ትካላትና ብምኸዳ ኣገልግሎት ክሕሀ ዘይኽእል፤ ኣብ ዓዲ ዓረብ ሚልዮናት ካብ ከለኹ ዝምረቑ ዝ ቋንቋ ዝዛረቡ ኣለዉ፤ እንተኾነ እቶም ግቡእ ሰዋስው ዓረብ ዝፈልጡ ውሑዳት ጥራሕ እዮም። ሕጂ ንሕና እንደልዮ ግን ሰዋርካ ምዝራብን ብኸመይ ክትረዳዳእ ትኽእልን እዩ። ንኣብሽኻ፡ ትካልካ፡ ህዝብኻ፡ ሃገርካ ወኪልካ ጸባሕ ብኸመይ ትረዳዳእ እዩ እቲ ዕላማ። ብዕብየቱ ጸጥታኻን ድሕንትኻን ንምሕላው ዓቢ ግደ ኣለዎ። ኣብ ክንዲ ንሰብ ‘እዚ እንታይ እዩ ዝብል ዘሎ ንዓ ተርጉመለይ’ ትብል ብቐጥታ ባዕልኻ ክትትርጉሞ እንክለኻ ዓቢ ዓወት እዩ ኑቲ ሰብ። ኣብዚ እንኣትዎ ዘለና መድረኽ ልምዓት፡ እናተመሃርናዮን እናኣማዕበልናዮን ክንከይድ ግድነት እዩ። ኣብዚ ክእለትን ደረጃን እዚ እንተ በጺሕና ድማ፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ትካል ናይ መንግስቲ ብዘይ ዳይረክተር፡ ብርሑቕ እናተኸታተልና ክንመሃር ንኽእል ኢና። እዚ ክበጽሕ እንክለኹ ግን ኣብ ኣደራሻት ከይተደረተ ማለተይ እዩ።

**ሕቶ - ከም ሰብ፡ ኣብ ምጉባእን ምጽሓፍን ዋላ ሓንቲ እንዶ ንዘይብርም ተመሃሮኻ ክጽሕፉን ክንብቡን ክትርኢ እንከለኻ ከመይ ይስመዓካ፧**





ኣዝዩ እሕጉሰ፡ ብፍላይ ኣብ ግዜ መመረቕታ ከም ሰበይ ኣብ መድረኽ ወጺኦም ኣብ ቅድሚ ሓፋሽ ክዛረቡ፡ ክደርፉ፡ ክገጥሙ፡ ክዋስኡ ክርኢ እንከለኹ እሕበን። እቲ ንኽመሃር ዝወሓዘ ዘሎ ከኣ ብጉዕበሪ ስለ ዝረኣዮ እዩ። በዚ ኣጋጣሚ ዘኪረዮ እንከለኹ፡ ብመራኸቢ ብዙሓን ግብጺ ክልተ ግዜ ብዛዕባ ንጥፈታት ናይ'ዚ ቤት ትምህርቲ ተጻሒፉን ተቓሊሑን እዩ። ኣብ ሓንቲ ዓባይ ‘ህርት ኦፍ ኣፍሪካ’ ትብል ዌብሳይት'ውን ተጻሒፉ ነይሩ። እዚ እንኾብሮ ዘለና ትምህርቲ፡ ዋላ ኣብ ደገ ጽልዋኡ እናዓበየ ይመጽእ ኣሎ ክብለካ ደልየ እየ። ‘ኤርትራ ዓረብ ተስተምህር ምህላዋ፡ ጽቡቕ ከም ዝኸይደትን’ ዝገልጽ እዩ። ኣብ ደገን ኣብ ውሽጥን ዘሎ ህዝብና እውን ከምኡ ተገዲሶም ኣብ ማሕበራዊ ሚድያ ክጽሕፉሉ ትርኢ ኢኻ። ከምዚ ክብል እንክለኹ፡ ዝ መስርሕ ስለ ዝተዓወትናሉ እዩ። እዚ ከኣ ታሪኻዊ ስጉምቲ እዩ።

**ሕቶ - ንቐጻሊ ዕብየትን ሰፍሓትን ናይዚ ቤት ትምህርቲን ብቐዓት ተመሃሮ ክብ ንምባልን እንታይ ጸዕርታት ይሕሰብ፧**

ብዓቕምና እቲ ጻዕርታትን ኣብርኽዮን ቀጻሊ እዩ። እቲ ዝምልከቶ ኣካል መንግስቲ'ውን ፈሊጡ ስለዘሎ፡ እንታይ ይጉብር ዝዓበየ ዕማም ይኸውን። ኣብ ጽቡቕ ኣለና፡ ብጽቡቕ ከም ንምርሽ ድማ ንተኣማመን ኢና።

**ሕቶ - እሞ ኣብ መዛዘሚ ክተመሓላልፎ እትኽእል መልእኽቲ እንተሎ፧**

እዚ ንሰራሕተኛታት መንግስቲ ዝወሃብ ዘሎ ትምህርቲ፡ ኣብ መወዳእታ ክሰፍሕን ናብ ሕብረተሰብና ገጹ'ውን ክወርድን ትምኒተይ እዩ። ዋላ ናብ ብሕታዊ ትካላት ከይተረፈ ማለተይ እዩ። በቲ ዝወጸ መምርሕን ካሪክለምን መሰረት፡ እቲ ትምህርቲ ድሕሪ ግዜ ክሰፍሕ፡ ብዙሕ ሰብ ተጠቃሚ ክኸውን ናይ ኩላትና ድሌት እዩ። ሕብረተሰብን መንግስታዊ ኣካልን ድማ፡ እኻሞም እንተ ደኣ ገይርና፡ እዚ እንብሎ ዘለና ደረጃ ከም ዝበጽሕ እተኣማመን እዩ። ብዓለም ደረጃ ክረኣ እንክሎ፡ ቋንቋ ዓረብ ኣገዳስነቱ ልዑል እዩ። ካብቶን ሽዱሽተ ኣህዛብ ዓለም ዝዛረብለን ቋንቋታት ድማ እዩ። ከምቲ ናይ ቀደም ኣብ ስሩዕ ኣካዳምያዊ ትምህርትና ብስሩዕ ክኣቱ ባህገይ እዩ። ኣብ ፖለሲ ህዝባዊ ግንባር፡ ካብ ቀደም'ውን ስለ ዝነበረ፡ ንኽትግበር ከኣ ቀሊል እዩ። የቐንየለይ!





# ጥዑይ ከባቢ፡ ጥዑይ ሕብረተ-ሰብ ይፈጥር

ዳህላክ ነጋሲ
ስእሊ- የውሃንስ መብራህቱ



ኣብ ምምሕዳር ዞባ ማእከል - ብክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ከምኡ'ውን ብጨንፈር ፐርሶናል ኣሃዱ ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብ ዝተወደበ ኣብ ምሕደራ ደረቕን ፈሳስን ጎሓፍ ዘተኮረ ስልጠና፡ ንኹለን ሰራሕተኛታት ጽሬት ጎደና፡ ኣብያተ-ጽሕፈት፡ ሓለዋ ቢያኒን ሰራሕተኛታት ኣሃዱ ማሕበራዊ ተሃድሶን ተዋሂቡ። እቲ ንሓደ ወርሒ መመላእታ ዝቐጸለ ስልጠና ኣብ ትሸዓተ እብረ ተኸፋፊሉ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ግዜያዊ መሰልጠኒ ማእከላት ተኻይዱ። እቲ ስልጠና ምምሕዳር ዞባ ማእከል ምስ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ብምትሕብባር ዝተወደበ ኮይኑ ኣስታት 917 ሰራሕተኛታት ተሳቲፈሞ።


ኣቶ ገብረ ኣለምሰገድ

ብቐጻሊ መሬት ጕ ከይወግሐ ዓራቢያ፡ መኸስተርን ባዴላን ሒዘን ናብ ቀንዲ ጎደናታት ዘምርሓ ኣደታት ኣብ ጉዕዞና ንዕዘበን ኢና። ከተማ ኣስመራ ስሩዕ ዕለታዊ ምንቅስቓሶም እንክይጀመሩ፡ እተን ኣደታት ንቡዳዊ ከጉታት ኣየር ገጢመን፡ ጽርይትን ንጹህትን ከተማ ንህዝባ ንምርካብ ወግሑ ጸብሒ ደኺምና ከይበላ ንስርሐን ይግስግሳ። እተን ኣደታት ቀዳም ዶ ሰንበት ዋላ'ውን ኣብ ሃይማኖታውን ህዝባውን በዓላት ከየዕረፋ ንጹህና ጎደናታት ኣስመራ ንምርግጋጽ ይሰርሓ። ከንዲ ዝኾነ ነተን ከተማ ኣስመራ ወቕብትን ምዕሮቶትን ንክትከውን ብትግሃት ዝዓያ ኣደታት፡ በቲ ሓደ ሸነኽ ሸኸመን ንምቕላል ብኻልእ ወገን ከኣ ጽሬት ዝሰበሩላ ከተማ ንምሕላው፡ ነበርቲ ከበባኣም ብጥንቃቐ ክሕዙ ይግባእ።

ኣቡ፡ ስነስርዓት ምዕዳል ምስክር ወረቐት ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ኣቶ ተኪኤ ቀለታ ኣብ ዘሰመዖ ቃል፡ ፈለማ ንሰልጠንትን ኣሰልጠንትን "እንቋዕ ኣሐጎሰኩም" ድሕሪ ምባል፡ ስራሕ ጽሬት ንኹሉ ኣካል ሕብረተሰብን ትካላትን ብዝጠዓኹ ዘሳትፍ ኣገዳስን ክብርን ሞያ ምዃኑ ገሊጹ። ንሱ ኣሰዒቡ፡ "ደቂ-ሰብ ብዘይ ኣየር፡ ማይን መግብን ክንነብር ከም ዘይንኽእል ኩሉ ዝፈልጦ ሓቂ'ዩ። ጽሬት'ውን ካብዚም ብህይወት ንክንነብር ዘድልዩና ኣገደስቲ ነገራት ፈሊኻ ዝረአ ኣይኮነን። ብዘይካ'ዚ፡ እዘን 'ሓርበኛታት ጽሬት' ተዋፈረናሉን ዘጥፍኦን ዘሎዋ ዕዮ - ስራሕ ጽሬት ብቐንዱ ዕማም ሃገራዊ ድሕነት እዩ። እቲ ምንታይ፡ ሞያኣን ንብዕሉ ኣካል 'ክንክን ጥዕናን ከቡቢያዊ ድሕነትን' ስለ ዝኾኑ፡ ካልእ፡ እቲ ዝፍጽማኦ ዘለዋ ኣብርክቶ ንሓንቲ መዓልቲ እንተ ዘቋርጻ፡ ክሰዓብ ክንደይ ዝኣክል ጉድኣት ከውርደልና ከም ዝኽእል ንኹሉትና ርዱእ እዩ። እዚ ስለ ዝኾነ፡ ነዘን ክቡራት ሰራሕተኛታት ጽሬት ኣቦላትና፡ ከም ኩሉም ካልኦት ሞያውያን ሰራሕተኛታት ስልጠናን ኣፍልጦን ክወሃብ ግቡእ እዩ።

"እዚ ስለ ዝኾነ እዩ ድማ፡ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ኣብ ጽሬት ኣተኩሩ ዝወሃብ ስልጠናታት ዝድግፍ ዘሎ። ኣብ ቀጻሊ'ውን ምስ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ዞባን ካልኦት ኣካላትን ብምትሕብባር፡ እንተ ውሓደ ኣብ ዓመት ሓደ ግዜ ስልጠና ክካየድ ምዃኑ ክሕብር እፈቱ። ብተወሳኺ፡ ከተማ ኣስመራ 'ጽሬት' ቀንዲ መለለዪ ሕላገታ ወይ ትእምርታ ምንባሩ፡ ኩላትና ብታሪኽ እንፈልጦ ሓቂ እዩ። ከንዲ ዝኾነ ካብዚ ሕጂ ወራዳቶ ዘላ ደረጃ ናብቲ ናይ ቀደም ወሩይ ስማን ልዕለኡን ንኽትምለስ ከኣ፡ ነዘን ዝምረቓ ዘለዋ ሰራሕተኛታት ጥራይ ዝግደፍ ዘይኮነ ናይ ኩሉ ኣካል መንግስትን ሕብረተ-ሰብን ሓላፍነት ብምዃኑ፡ ኩሉ ዝከኣሎ ጻዕሪ ንኽገብር በዚ ኣጋጣሚ ክዛረኽር እፈቱ። ብዘይካ'ዚ፡ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ካብዚ ዝዓበየ ዋጊን ስለ ዘይብሉ፡ ኩሉ ግዜ ኣብ ጎድንኽን ምህላዉ ከረጋግጽ እፈቱ።

"ሰልጠንቲ ክሱብ ሕጂ ጽሬት ከተማ ኣስመራን ከባቢኣን ኣብ ምዕቃብ ንእትጻወተኦ ዘለኽን ተራ ኣድናቖተይን ምስጋናይን እናገለጽኩ፡ ብቐጻሊ በዚ ወሰድክነኦ ዘለኽን ስልጠና ተተባቢዕክን ኣብርክቶኽን ከተሐይላ እላቦ፡ ኣብ ርእሲ'ዚ፡ እዚ ስልጠና፡ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ምስ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ብምትሕብባር ዝተዳለወ ኮይኑ፡ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ዞባ፡ ሞያዊ መምሃሪ መሳለጢ ኣብ ምቕራብን ኣሰልጠንቲ መምህራን ኣብ ምስታፍን ዝተጻወቶ ተራ ወሳኒ ብምንባሩ ልዑል ምስጋናይ እናገለጽኩ፡ እዚ ተዋሂቡ ዘሎ ስልጠና ቀጻልነቱ ብራኸኡን ዘውሕስ ኣብርክቶ ንኽትገብሩ እዘኻኽር። ብተወሳኺ፡ ንኹሉም ኣብ ምዕዋት እዚ ስልጠና ዝተሳተፉ ኣካላት ከመስግን እፈቱ" ክብል ሰፊሕ መግለጺ ኣስሚዑ።

እቲ ስልጠና፡ ዓቕምን ፍልጠትን ሰራሕተኛታት ጽሬት ኣብ ግቡእ ምሕደራ ጎሓፍ ብምርግጋጽ፡ ውሑስን ቀሊልን ኣሰራርሓ ብምጥቃም፡ ጎሓፍ ኣብ ጥቕሚ ዝውዕለሉን ዝኸውን ሓደጋ ከየስዓበ ዝውገደሉን ኣገባብ ብምፍጣር፡ ጽሩይን ጽፉፍን ከባቢ ብምውሓስ ጥዑይ ሕብረተ-ሰብ ንምሕላው ዝዓለመ ምዃኑ ሓላፊ ኣሃዱ ምምዕባል ዓቕሚ ሰብ ዞባ ማእከል ኣቶ በረኸት ታደሰ ሓቢሩ። እቲ ኣብ ትሕቲ ምሕደራ ደረቕን ፈሳስን ጎሓፍ ዝብል ኣርእስቲ ዝተዋህበ ስልጠና፡ ንዘቤታዊ ጎሓፍ፡ ኢንዱስትርያውን ሕክምናውን ጎሓፍ፡ ዝሞቱ እንስሳታት፡ ምፍልላይ ጎሓፍ፡ ጽሬት መግቢ፡ ተረፍ መረፍ መግቢ፡ ብከላ ሓመድ፡ ማይን ኣየርን ዝብሉ ንኡሳን ኣርእስትታት ከም ዝሸፈነ ጠቒሱ፡ ብዘይካ'ዚ፡ ኣብያተ-ጽሕፈት ብኸመይ ይጽረያ፡ ማይን ሰዓትን፡ ማይን ኤሌክትሪክን፡ ማይን ኤሌክትሮኒክስን ከምኡ'ውን ሓሸራትን ውልቃዊ ጽሬትን ዝብሉን ካልእ ኣርእስታትን ዘጠቓለለ ኮይኑ፡ ብሞሚኒስትሪ ሕርሻውን ምስ ምቁር ድንሽ ዘላ ሓጺር መደብ ከም ዝተወደበ ወሲኹ ኣብሪሁ።

እቲ ስልጠና ኣብ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ኣኽርያ፡ ኣሃዱ ማሕበራዊ ተሃድሶ፡ ኣዳራሻት ሃማመተኤን ክፍሊ ህንጻዊ ልምዓትን ዝተኻየደ ኮይኑ፡ ብዝተፈላለዩ ሞያውያን ጥዕና ከም ዝተዋህበ ኣቶ በረኸት ገሊጹ። ሰልጠንቲ ብደረጃ ትምህርትን ተመኩሮን ዋላ'ኳ ፍልልይ እንተነበሮም፡ ሳላ ምሉእ ድሌትን ተበግሶን ዝነበሮም ግን እቲ ዝተዳለወ ስልጠና ብግቡእ ክኸታተልዎ እኽኢሎም፡ ጽቡቕ ናይ ምርድዳእ፡ ምክትታል፡ ምስታፍን ምሕታትን መድረኽ ከም ዝተራእየ ኣረዲኡ። እዚ ስለ ዝኾነ ከኣ፡ ሰልጠንቲ ዋላ'ኳ እቲ ትምህርቲ ደንጒዩ እንተ ተዋህቦም ፍልጠቶም ክብ ዘበልን ሓጋዚን ምንባሩ ደጊሞም ከም ዝገለጹ፡ ናብ ኩሎም ሰራሕተኛታት ክበጽሕን ሰፊሕ ግዜ ተዋሂብዎ ክድፋኣሉን ዝብሉ ርእይቶታት ከም ዘቕረቡ'ውን ኣቶ በረኸት ሓቢሩ።

እቲ ስልጠና ብምትሕብባር ምምሕዳር ዞባ ማእከልን ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕናን ከም ዝተዳለወ ልዕል ኢሉ ተገሊጹ ኣሎ። እዚ ስለዝኾነ፡ ካብ ሚኒስትሪ ጥዕና ወኪል ኣሰልጠንቲ ኣቶ ገብሩ ኣለምሰገድ ኣብ ዘሰመዖ ቃል፡ ኣብቲ ተኣፋፍን ኣሰካፍን ብብዙሓት ዘይምረጽ ስራሕ ማለት - ንብዙሕ ምጉዳል ጥዕና፡ ሓደጋ፡ ማሕበራውን ስነ-ኣእምሮኣውን ጸቕጢ ከምኡ ድማ ካልእ ፅንቅፋት ዝፈጥር ስራሕ ጽሬት ተጻዊረን ዝሰርሓ ዘለዋ ካልእ ገጽ መለክዒ ደረጃ ዕቤትን ለውጥን ኣተሓሳስባ ሕብረተሰብና ዝኾና ተመረቕቲ፡ "እንቋዕ ኣሐጎሰክን" ድሕሪ ምባሉ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ተመሳሳሊ ስልጠና ንሰሙን መመላእታ ከም ዝተዋህበ፡ ኣብቲ ሽዑ ግዜ ብሰልጠንቲ ብብዝሒ ካብ ዝተላዕሉ ርእይቶታት ስልጠና ብቐጻሊ ክስራዕ ዝብል ኮይኑ፡ ብመሰረት ዝቐረበ ሕቶ ከኣ፡ ምምሕዳር ዞባ ማእከል እቲ ስልጠና ክቕጽል ከም ዝተገበረ ኣረዲኡ። ሰልጠንቲ ሰራሕተኛታት ጽሬት ጎደና፡ ሰራሕተኛታት ዘመናውን ኣቕዲሞ ኣብ ኣገልግሎት ዝጸንሐን ዓይኒ-ምድሪ መራሕቲ መካይንን ተሓጋገዝቶን፡ ኣባላት ኳራንቲን፡ ሓለዋ ቢያኒታት፡ ሰራሕተኛታት ጽሬት ኣብያተ-ጽሕፈትን ኣለይቲ ኣብ ኣሃዱ ተሃድሶ ማይ-ተመናይን ኮይኖም፡ 851 ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም ብጠቕላላ 917 ሰራሕተኛታት ከም ዝኾኑ ጠቒሱ።


ኣቶ በረኸት ታደሰ

ኣቶ ገብሩ ወሲኹ፡ "ስራሕ ጽሬት ቀጻሪ ይኹን 'ደጽንሓሊዩ' ዘይብሃሎ ብምዃኑ፡ ወትሩ ንግሆ ከም እንዘውትሮ ልምዲ ምሕጻብ ገጽና እዩ። ከም ዕማም ናይ ቤት-ጽሕፈት ወይ ስራሕ ገዛ ንድሕሪት ክንገድፎ ወይ ንጺናዮ ክንሕልፍ ዘይከኣል ንዶክን ድሕሪዕ ሓልናኻ ዝርብሽ ቀጻሊ ስነ-ኣእምሮኣዊ ጸቕጢ ዝፈጥር እዩ። ልዕሊ ኹሉ ኣብ ህዝባውን መንግስታውን በዓላት ካልኦት ክፋል ሕብረተ-ሰብ ክሕጎሱን ክዘናግዑን እንክለዉ፡ ብኣንጻሩ ኣብ ግዜ በዓላት ርሱሓት ስለ ዝበዝሕ ኣቦላት ጽሬት ምስቲ ስራሕ ክቃለሳ፡ እቲ በዓል ፍጹም ከም ዘይምልከተን ኮይኑ ይሓልፍ። ከንዲ ዝኾነ፡ ብብዙሕ ምኽንያት ስራሕ ጽሬት ከተማ ትብዓት፡ ተወፋይነት፡ ብዙሕ ባጀትን ደገፍን ዝምልከቶም ኣካላት ዘድልዮ እዩ። እዚ ስለ ዝኾነ፡ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ኣገዳስነት ሞያዊ ስልጠና ብምዕዛብ፡ ሰራሕተኛታት ጽሬት ንቕሓትን ፍልጠትን ንኽዕብጥቃ፡ ፍሉይ ኣተኩሮ ብምሃብ እዚ ስልጠና ኣብ ምድላውን ምውዳብን ዘድሊ መሳለጥያታት ኣብ ምቕራብ ብዝርኣዮ ድሉውነት፡ ዕውት ስልጠና ክካየድ ብምኽኣሉ ልዑል ምስጋና ይግበኦ" ብምባል ቃል ዛዚሙ።


ኣቶ ተኪኤ ቀለታ

ካብዚ ብምቕጻል ንኹሎም ተመረቕቲ ወኪላ ቃል ዘሰመዐት ወ/ሮ ሰላም ካሳ እያ። ንሳ ብወገና፡ ነቲ ዕድል ብምኽፋት ባይታ ዘጣጠሐ ዝተፈላለዩ ኣካላት ድሕሪ ምምስጋኑ "ንቕሓትን ኣፍልጦን ሃልዩና ኣብ ስራሕና ዕዉታት ንኽንከውን ከምኡ ድማ፡ ኣብርክቶና'ውን ንኽዕቢ ምስ ስራሕና ዝሳነ ሞያዊ ስልጠና ምውዳብኩም፡ ኣባና ዘለኩም ልዑል ክብርን ጠመተን ክንግንዘብ ኣኽኢሉና። እቲ ዝተዋህበና ስልጠና ኣዝዩ ጠቓሚ'ዩ ነይሩ። ንኣብነት፡ ጎሓፍ ኣብ ርእሲ'ቲ ጉዳኢ ምዃኑ፡ ብኣገባብ እንተ ሒዝናዮ ጠቓሚ ከም ዝኾነ ክንርዳእ ክኢልና። ካልእ፡ ኣምር ምሕደራ ጎሓፍ ከም እንፈልጥ ኴንና፡ ንዥሉ'ርእስና ካብ ሓደጋን ሕማምን ብኸመይ ከም እንከላኸል ተገንዚብና። ብተወሳኺ፡


ወ/ሮ ሰላም ካሳ

ብሰንኪ ጉድለት ውልቃዊ ጽሬት ብቐለሉ ዝመሓላለፉ ሕማማት ክንፈልጥን ጥንቃቐታት ክንከውንን ተረዲእና። የግዳስ ሕጂ ምስ ተማሂርናን ፈሊጥናን ነቲ ቅድሚ ሕጂ ብዘሰሰ ለባም ከይፈራሕና ንሰርሖ ዝነበርና፡ ዝያዳ ክንፈርሕን ክንስከፈን ገይሩና ኣሎ። ስለ ዝኾነ ድማ፡ ሓደጋታት ዝከላኸሉ ከም ጓንቲ፡ ኣልኮል፡ መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን (ማስክ)፡ ሳሙናን ካልእ ናውቲታን ክቐርበልና ንላቦ። እዚ ብድሆታት ኣብ ኣድማዕነት ስራሕ ዕንቅፋት ይፈጥረልና ኣሎ" ክትብል ብሓደ ወገን ኣገዳስነት ናይ'ቲ ስልጠና ክትገልጽ እንከላ፡ ብኻልእ ሸነኽ ድማ ንውሕስነት ጥዕናኣን ኣብ ሓደጋ ዘእትዉ ብድሆታት ገሊጻ።

ብድሕሪ'ዚ፡ ኣብ ምዝዛም እቲ መደብ ንዞባ ማእከል ወኪሉ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኮሎኔል ገብረሂወት ወልደገርግሽ ቃል ድሕሪ ምስማዑ፡ ካብኡ ቀጺሉ ስነስርዓት ምዕዳል ምስክር ወረቐት ተኻይዱ።



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ተራ ቢንያም ኣብ ሓዳስ ክለቡ እንታይ እዩ፧

ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ብሽክለታ ቢንያም ግርማይ፡ ኣብታ ንኣስታት ሓሙሽተ ዓመታት ዝተጻወተላ ቤልጂማዊት ክለብ ኢንተርማርሽ ዋንቲ ተፋኒዩ፡ ናብ ሓዳሽ ክለብ ኤንኤስኤን (NSN) ሳይክሊን ቲም ምስግጋሩ ይፍለጥ።

ቢንያም፡ ጋንታኡ ዝበረት ኢንተርማርሽ፡ ምስ ናይ ሃገራ ክለብ ሎቶ ብምሕዋሳ እዩ፡ ክሳብ 2028 ዝጸንሐ ውዕል ብናይ ሓባር ምርድዳእ ኣፍሪሱ፡ ናብ ኤንኤስኤን ተጸምቢሩ ዘሎ።

ኤንኤስኤን (NSN ናይ Never Say Never ኣሕጽሮታ እዩ)፡ ንገዳም ካናዳዊ ተቐዳዳማይ ሚካኤል ውዱሰን ኣርባዕተ ግዜ ጽዑር ፈረንሳ ዝተዓወተሉ ክሪስ ፍሩሰን ኣፋኒያ፡ ንዝተረፉ ከሎም ተቐዳደምታ ሒዞቶም ኣሎ። ንጹለም ኣልማዝ ኣፍሪቃዊ ኤርትራዊ ቢንያም ግርማይ ዝርከቦም ገለ ተቐዳደምቲ ከኣ ወሲኻ ትርከብ።

ቢንያም፡ ኣብ ኢንተርማርሽ እንከሎ፡ ብደረጃ ክለቡ፡ ሃገሩ ኤርትራ፡ ኣህጉሩ ኣፍሪቃን ዓለምን ቀድሚ ሕጂ ኣፍሪቃውያን ተቐዳደምቲ ዘይፀሕዎ ብርኽት ዝበሉ ዓበይቲ ዓወታት ኣመዝጊቡ እዩ።

ብዓበኡ፡ ኣብ ዙር ፈረንሳ 2024፡ ሰለስተ መድረኻት ብምዕዋት፡ 'ንፈለማ ግዜ ቀጠልያ ማልያ ዙር ፈረንሳ ዝተዓወተ ኣፍሪቃዊ ተቐዳዳማይ' ተባሂሉ። ከም ውጽኢቱ፡ ሓደ ካብቶም ኣብ ዓለም ኣለዉ ዝበሃሉ ዝበለጹ ናይ ቅጽበታዊ ውድድር ተቐዳደምቲ (Best Sprinters) ተሰሪዑ፣ ወርትግ ኣብ ኣፍሲ ወሰፍ ውድድር ምስኦም ናይ ምዕዋት ግምት ዝወሃቦም ብሉጻት ሸኹኽቲ ክስርዕ ከኣ ክኢሉ።

ምስታ ዓቢ ዕድል ዝኸፈተትሉ ክለቡ ኢንተርማርሽ ብሓባር ብዙሕ ታሪኽ ዝጸሓፈሉ ምዕራፍ ተመሳሊሉ ዓጺዩ ድማ፡ ንዝበለጸ ምዕራፍ፡ ናብታ ብሓዳሽ ውዳበን ስምን ኣቚላ ዘላ ክለብ ተጸምቢሩ ኣሎ።

ኣብዚ ክለቡ፡ ከምቲ ኣብ ኢንተርማርሽ ዝበሮ ተራን መራሕነትን ይወጾ'ዶ፧ ዝብል ሕቶ ክለዓል ድማ፡ ናይ ግድን እዩ።

እቲ መልሲ - እወ እዩ።

### ተራን ረብሓን ቢንያም፤

- ቀዳማይ መራሒ ጋንታ፣ ክሳብ 2028 ዝጸንሐ ውዕል ዝፈረመ ቢንያም፡ እምነ ኩርናዕ ናይቲ እዛ ጋንታ እትሓልሞ ዓወታት ክኸውን እዩ ዝግመት። እዛ ጋንታ፡ ኣብ ዓበይቲ ዙራት (ግራንድ ቱር) ከም ዙር ፈረንሳን ጂሮ ዲ ኢጣልያን፡ ከም መራሒኣ ጌይሩ ከተቕትዎ ምኻና ይግለጽ። ብተመሳሳሊ፡ ኣብቶም ዝምእምእዎ ቀድሚ ሕጂ ዝተዓወተሎምን ክዕወተሎም ዝሕልነን ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድራት መራሕዋ፡ ሓያሉ ዓወታት ከመዝግብ ትጽበዮ ይግበረሉ።


ስኮት ብሽክለታ ኤን.ኤስ.ኤን

ብምምጻእ ቢንያም፡ ፍናን ምርካቦምን እዚ ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ከሉ ብዙሓ ብሽክለታ ዝፈትውዎ ነገራት ከምዝጸንሖምን ዝገለጸ ኣኪያዲ እዛ ጋንታ ጀል ካርልስትሮም፡ "ሓደ ካብ መራሕቲ ጋንታናን ንተቐዳደምትና ዘበራትዕን ከምዝኸውን ኣይጠራጠርን" ብምባል፡ ቢንያም ኣብታ ጋንታ ናይ መራሕነት ተራ ከምዝህልዎ ኣረጋጊጹ።

ቢንያም'ውን፡ እዛ ጋንታ ኣብ እዋን ሸኻ እትሰርሖ ማስመር ናይ ሸኻ (Sprint train) ማሲጥዋምን ከምዝምእምእን ኣሚኑ እዩ፤ ብኩሉ መዳያ ሓሰቡ መሪጸዋ ዘሎ። ኤንኤስ ኤን፡ ኣብዞን ቢንያም ክዕወተለን ዝኽእል ውድድራት ወይ መድረኻት፡ ንእኡ ዝጥዕም ስትራተጂ ሒዙ፡ ዛ ጋንታ ኣብ ዙርያኡ እንተኣኪጺታ፡ ዘይዕወተሉ ምኽንያት የለን። ብፍላይ ቢንያም፡ ምስኦም ካልኦት ከበድቲ ተቐዳደምቲ ብምንጽጻር ብዮሚዝን ፍኹስ ዝበለ ብምኳኑ፡ ኣብቶም ቁሩብ ምንቅዕራር ዘለዎም ቦታታት ዝዘዙሙ መድረኻት ናይ ምዕዋት ልዑል ሚእታዊት ኣለዎ።


ብምምጻእ ቢንያም ክለቡ ኤንኤስኤን እትሽሰም ኤርትራውያን ደገፍቲ

- ካልእ፡ ቢንያም፡ ሓደ ካብቶም ምኩራት ተቐዳደምቲ ብምኳኑ፡ ከምቲ ኣቦ መንበር ጀል ካርልስትሮም ዝበሎ፡ ንኣሽቱን ትስፉዋትን ተቐዳደምቲ ናይዛ ጋንታ ኣብ ምምእዛን ተራ ክህልዎ ይግመት።

- ከጽ'ዚ ውድድር ዘሎ ኣበርክቶ ቢንያም፡ ናይ ዕዳጋን ዓለምለኻዊ ተፈላጥነት ኤንኤስ ኤን ኣብ ምዕባይ ዘለዎ ተራ እዩ። ምስቲ ብዓወታት ኣብ ዓለም ዝሃቦ ዝናን ጽልዋኡን፡ ንተረኣይነትን ተፈላጥነትን እዛ ክለብ ኣብ ምዕባይ ሓጋዚ እዩ።

ማዕረ ማዕረኡ'ውን ንብዩኑ ኣፍሪቃዊ ኣባላ ብምኳኑ፡ ምስቲ ካጽ ኣፍሪቃ ኣብ ዓለም ኣጥሪይዎ ዘሎ ልዑል ስምን ተፈታውነትን፡ እቶም ንእኡ ዝገድፉን ዝፈትዉን ተኸታተልቲ ነዛ ጋንታ ክስዕቡ ስለዝጅመሩ፡ ዓቢ ረብሓ እዩ።

ብፍላይ ኣፍሪቃውያን፡ ኣብዚ እዋን ልዕሊ ቢንያም ካም ኣርኣያ ዝጥምትዎን ዝፈትውዎን ተቐዳዳሚቲ ዳርጋ ስለዘየሎ፡ እዛ ጋንታ ብዙሓት ኣፍሪቃውያን ደገፍቲ ከተጥሪ ተስፋ ኣለዋ። ብዓበኡ ከኣ፡ እቶም ኣብ ዝተፈላለየ ክፋል ዓለም ጥንዴራትም እናንበልበሉ ንምትብባዕ ደቂ ሃገርም ብዘርኢዮዎ ኣበርክቶ ብማዕበናት ዜና ዓቢ ቆላሕታ ዝረኸቡ ኤርትራውያን ከሲብዮም ኣሎ።

ብሓፈሻ ቢንያም፡ ከም ሓደ ምልክት ናይዛ ጋንታ ክኸውን እዩ። ዝ ብዩሰኣይ ናይ ምርልድ ቱር (ቀዳማይ ዲቪዥን) ፍቓድ(ሊቸንሳ) ረኺባ ዘላ ክለብ ከኣ፡ ካብ ብዙሓት ሰዓብቲ ደገፍ ክትረክብ፡ ኣብ ሜዳ ድማ ተወዳዳሪት ክትከውን ዘኽእላ ወጥናት ሰሪዓ ኣሎ።


ቢንያም፡ ምስ ሓደስቲ ደቂ ጋንታኡን

በዚ ድማ እዩ፡ ምፍራም እዚ ወዲ 26 ዓመት ብሉጽ ናይ ቅጽበታዊ ውድድር ተቐዳዳማይ፡ ሓደ ካብቶም ዕዉታት ስጉምቲ ናይዛ ጋንታ ዝተባህለ።

ከጽ'ዚ ግና፡ ኣብ ግምት ክኣቱ ዘለዎም ካልእ መሰረታውያን ነገራት ኣለዉ። ቢንያም፡ ቅልጡፍ ዓወት ከመዝግብ ደሊትናኺ እንተኾነ፡ እቲ ዝወሃቦ ሓላፍነትን ዝግበረሉ ትጽቢትን ጸቕጢ ክፍጥረሉ ይኽእል እዩ። ካብታ ስሙ ጠርዚ ዝተቕለለ ኢንተርማርሽ ናብ ሓዳስ ጋንታ ተሰጊሩ ምህላዉ፡ ከኣ ፍልይ ዝበለ ቅዲ ምምሕዳርን ናይ ውድድር ስትራተጂን ከም'ኡ'ውን ሓደስቲ ደቂ ጋንታን ሃዋህውን ክለማመዶ ግዜ ከድልዮ እዩ። እዚ ማለት ቅልጡፍ ዓወታት ከምጻእ ትጽቢት ክግበረሉ ኣይግባእን፤ ግዜ ከምዝደልዮ ኣብ ግምት ክኣቱ ኣለዎ። ብቐረባ ከምቲ ኣብ ኩዕሶ እግሪ እንርእዮ፡ ገለ ስሙያትን ብሉጻትን ተጻወትቲ፡ ናብ ካልእ ጋንታ ምስ ልዑል ትጽቢት ኣብ ዝሰጋገርሉ እዋን፡ ብቐልጡፍ ኣብ ህርመት እታ ጋንታ ስለዘይኣትዉ፡ ሽዑ ንሽዑ ውጽኢት ከምጽኡ ኣይረኣዩን። ግዜ ወሲዶም ምስቲ ሓዲሽ ሃዋህው ምስ ተላማመዱ ግና ብቐዓቶም ናብ ንቡር መለሶም፡ ወሰንቲ ተጻወትቲ ይኾኑ።

በዚ ኮይኑ በቲ፡ ኢንተርማርሽ ምስ ኩባንያ ኩይብ ብዝበረ ውዕል፡ ቢንያም፡ ንዓለም ዘዛረበ ውጽኢት ዝረኸበላ 'ኩይብ' ዝስማ ብሽክለታ ተወጢሑ ነይሩ። ካብ 2026 ጀሚሩ ከኣ፡ ኤንኤስኤን ምስ ስኮት ዝተባህለ ናይ ስዊዘርላንድ መፍረ ብሽክለታ ውዕል ስለዘለዋ 'ስኮት' እትብሃል ብሽክለታ ተጠቒሙ፡ ዝበለጸ ዓወታት ንምምዝጋብ ይዳሎ ኣሎ። ጽቡቕ ዕድል!

---

## ህንዲ - ዑደት መሲ ዕግርግር ፈጢሩ

ኣርጀንቲናዊ ብርቂ ተጻዋታይ ኩዕሶ እግሪ ሊዮኔል መሲ፡ ትማሊ ናብ ህንዲ ዝገበሮ ዑደት፡ ካብ ትጽቢት ወጻኢ ዝኾነ ዕግርግር ፈጢሩ።

ከም ኣካል ናይ 2025 ዕደቱ ናብ ህንዲ ዝበጽሐ መሲ፡ ኣብ ከተማ ካልካታ ኣብ ዝርከብ ስታድዩም ኣቐጺሉ፡ ንደገፍቱ ሰላም እናበለ ስታድዩም ክዘውር ኣብ ዝኣተወሉ፡ ከጽ ፍርቂ ሰዓት ኣብቲ ስታድዩም ከጸንሕ ኣይከኣለን - ሰሪ ዘገጠመ ዕግርግር።

በዚ ከኣ ቀልጢፉ ክወጽእ ተገዲዱ። በዚ ፍጻመ ዘይተሓጎሱ ኣብቲ ስታድዩም ዝበጽሐ ኣስታት 80 ሽሕ ደገፍቱ፡ ብኣካል ክርእዩዎ እኹል ግዜ ከምዘይረኸቡ ብምምራር፡ ከም መርኣያ ሕርቃኖም ንብረት'ቲ ስታድዩም ከዕንዉ ተራእዮም፣ እንተላይ ባሪራት ናይ መሲ። እዞም ደገፍቲ፡ ዝ ኣርጀንቲናዊ ብኣካል ንምርኣይ ክበሉ ትኬት ብኸበር ዋጋ ገዚኦም ከብቅዑ፡ እኹል ግዜ ዘይምርኻቦም እዩ ኣቑጢዑዎም።




"ሓለፍቲን ተዋሳእቲን ጥራይ እዮም ንመሲ ከቢቦሞ። ስለምንታይ እሞ ሃገና ይጸውዑና፡፡ 12 ሽሕ ሩፒ (100 ዶላር) ኢና ንትኬት ከፊልና። እንተኾነ፡ ገጹ'ውን ክንርኢ ዕድል ኣረኺቡናን" ክብል ድማ ሓደ ደጋፊ ንሓንቲ መርበብ ሓበሬታ ገሊጹ። እዛ ምንጪ፡ ቀዳማይ ወዓል ናይዚ ፍጻመ ከምዝተኣስረ'ውን ሓቢራ - ሰሪ ድኹም ውዳቡ። ወደብቲ ንደገፍቲ ገንዘቦም ክመልሰሎም ሕቶ ይቐርብ ምህላዉ ድማ ተገሊጹ።

ኣብቲ ኢጋጣሚ፡ ንመሲ ወዲ ሃገሩ ደ ፖውል ከምኡ'ውን ኣብ ናይ ቀደም ክለቦም ባርሴሎናን ኣብዛ ናይ ጂ ክለቦም ኢንተርሚያሚ ወዲ ጋንታኡ ዘሎ ሉዊስ ስዋረዝ ኣሰንዮሞ ነይሮም።

ብዘይካ'ዚ፡ መሲ፡ ኣብ ካልካታ ንዝተሰርሓሉ 21 ሜትሮ ዝቑመቱ ሓወልቲ መሪቑዎ።

### ምባፐ፡ ድሉው ምህላዉ ተሓቢሩ

ከይላን ምባፐ፡ ሎሚ ጋንታኡ ሬያል ማድሪድ ኣንጻር ኣላቨዝ ንእተካየዶ ናይ ሊግ ጸወታ፡ ድሉው ምህላዉ - ዓሳሚኡ ዣቢ ኣሎንሶ ሓቢሩ።

እዚ ብሉጽ ተጻዋታይ፡ ሰሪ ናይ ጭዋዳ ጸገም፡ ረቡዕ ምሸት ኣብ ሜዳኦም ኣብ ጸወታ ሻምፕዮንስ ሊግ ብማን ሲቲ 2ብ1 ኣብ ዝተረትዑሉ ከምዘይተሰለፈ ይፍለጥ።

እዛ ጸወታ፡ ንዓሳሚ እዛ ጋንታ ዣቢ ኣሎንሶ ወሳኒት ምኻና ይሕበር። ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ግጥማት፡ ሓንቲ ናይ ላ'ሊጋ ሓንቲ ናይ ሻምፕዮንስ ሊግ፡ ዝተሳዕረት ሬያል ማድሪድ፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ሰሙንቲ ብተደጋጋሚ ነጥቢ ብምጥፋኣ፡ መራሕነት ላ'ሊጋ ንባርሴሎና ከተረክብ ተቓሲባ እያ።

## መደብ ጸወታ

### ሎሚ

ሱፐር ካፕ (ናይ ዋንጫ ጸወታ) ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል

ደንደን - ኢንሹራንስ (ደቂ ኣንስትዮ) 1:30 ድ.ቀ

ደንደን - ቀይሕ ባሕሪ (ደቂ ተባዕትዮ) 3.30 ድ.ቀ

ፕሪመር ሊግ (መበል 16 ሰሙን)

ክሪስታል ፓላስ - ማን ሲቲ 5:00 ድ.ቀ

ሳንደርላንድ - ኒውካስል 5:00 ድ.ቀ

ኖቲንግሃም - ቶተንሃም 5:00 ድ.ቀ

ዌስትሃም - ኣስቶን ቪላ 5:00 ድ.ቀ

ብሬንትፎርድ - ሊድስ ዩናይትድ 7:30 ድ.ቀ

ላ'ሊጋ (መበል 17 ሰሙን)

ኣላቨዝ - ሬያል ማድሪድ 11:00 ድ.ቀ

ሰሪኣ (መበል 15 ሰሙን)

ኡዲኔዘ - ናፖሊ 5:00 ድ.ቀ

ጀኖኣ - ኢንተር ሚላን 8:00 ድ.ቀ

ቦሎኛ - ጁቨንቱስ 10:45 ድ.ቀ

ጽባሕ (መበል 16 ሰሙን)

ማን ዩናይትድ - ቦርንማውዝ 11:00 ድ.ቀ

ተረኛ ፋርማሲ
ፋርማሲ ተስፋ
ቤት መሸጣ መድሃኒት ራህዋ
ፋርማሲ ኣኽርያ

ዕለት
14/12/2025

ጎደና
ጎደና ዓሊ.ቴና መረብ 716 ቁ.14፡ ቀሓውታ
ጎደና ሃገር ቁ.20፡ ፊት መስጊድ ገዛ ባንዳ ጥልያን
ጎደና ሸሪኢት-135፡ ከባቢ ኣኽርያ

ቁ.ስልኪ
186839
119802
08370238

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ　ቁ.ቴሌፎን 127565